# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.89 | ቀዳም 13 ታሕሳስ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ዜና

ገጽ 3 — ኣገደስቲ እንጾታት



ገጽ 4 — ክሰምረለይ



ገጽ 5 — ባህርያዊ ድኹዒ፡ ኮምፖስት



ገጽ 11 — ዞባ ማእከል - መደብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ተሰሪዑ


## ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ከተማ ጅዳ ኣትዩ





ሰእሊ: ታእዛዝ ኣብርሃ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ናይ ንግስነት ስዑድያ ዕድመ ብምቕባል፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ከተማ ጅዳ ኣትዮ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ምስኡ ዝተጓዕዘ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ዝርከቦ ልኡኽን ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ንጉስ ዓብዱልዓዚዝ ኣብ ዝኣተወሉ፡ ኣሚር ስዑድ ቢን ሚሸዓል ቢን ዓብደልዓዚዝ ምኽትል ኣሚር ዞባ መካ ብናይ ክብሪ ሰልፊ ተቐቢልዎም።

ኣብቲ ናይ ምቕባል ስነስርዓት፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ጅዳ ኣቶ ዓብደልራሕማን ዑስማን ተረኺቦም ነይሮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ጅዳ ኣብ ዝጸንሓሉ ግዜ፡ ኣብ ኣገደስቲ ልምዓታዊ ትካላት ዑደት ክገብሩ'ዮም።

ብኻልእ ወገን፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቀትሪ ንኣባላት ማሕበረኮማት ሃገራውያን ውዳበታትን ሪያድን ከባቢኣን ረኺቦም ኣዘራሪቦም።

ኣብ'ቲ ርክብ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ሓደሊ ኤርትራ ሓርነትን ህዝባ ስለዝሸሉ ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ዜጋታት ክሰርሑ፡ ሓሻሽነት ኣወጊዶም ክዋህልሉን ንደቆም ብዋዕእ ክከናኸኑን ብምዝኽኻር፡ ማሕበረኮማትን ሃገራውያን ውዳበታትን ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብኣተኩሮ ክሰርሓ ከምዘዋጾኣ ገሊጹ።

"ባህልና፡ ክብረታትናን መንነትናን ካብ ምብራዝ ምድሓን፡ ቀንዲ ስራሕ ወለዲ፡ ማሕበረኮማትን ሃገራውያን ውዳበታትን ክኸውን ይግባእ" ዝበለ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ዝ. ዓላማ ንዝበረ ሸርሒታት ብንቕሓት ምክትታልን ምፍሻልን ወሀድ ስራሕ ስለዝሓትት፡ ዜጋታት ብሓፈሻ መንርያም ኣስጢሞም መኸተኦም ከሐይሉ ኣዘኻኺሮም።

ንማሕበረኮም፡ ሃማደኤ፡ ህግደፍን መንእሰያት ህግደፍን ዝወከሉ ተሳተፍቲ፡ ብወገኖም፡ ንህልው ኩነታት ሃገር ብመንጽር ዞባውን ዓለማውን ምዕባለታት፡ ዝምድና ኤርትራን ስዑድያን መጻኢ ኣመታቱን ከምኡ'ውን መደባት ህንጸት ሃገርን ኽኢላትን ዝምልከት ሕቶታት ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣበርክቶኦም ንምዕዛዝ ዘለዎም ድልውነት ኣረጋጊጾም።

ኣብቲ ርክብ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ፈጻሚት ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዑድያ ወ/ሮ ወይኒ ገረዝጊሄርን ተረኺቦም ነይሮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብዕድመ ወራሲ ዓሪት መሓመድ ቢን ሳልማን፡ ካብ 9 ታሕሳስ ጀሚሩ ኣብ ስዑድያ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ይፍጽም ከምዘሎ ዝፍለጥ'ዩ።

## ልኡኽ ኤርትራ ኣብ 'ጉባኤ ኣከባቢ ሕቡራት ሃገራት' ተሳቲፉ

ብኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኬንያን ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ፕሮግራም ኣከባቢ ሕቡራት ሃገራትን ኣቶ በየነ ርእሶም ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብቲ "ምስጓም ዘላቒ መፍትሒታት ንዳግመ-ሕውየት ዓለም" ብዝብል ቴማ ካብ 8 ክሳብ 12 ታሕሳስ ኣብ ናይሮቢ ኬንያ ዝተቓነዐ ሻብዓይ ጉባኤ ኣከባቢ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተሳቲፉ።

ኣምባሳደር በየነ ርእሶም ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ኤርትራ ኣብ'ቲ ብደርቂ ዝጥቃዕ ዘይስሩዕ ዝናብን ልዑል መቐት ዝምዝገበሉን ዞባ ከምእትርከብ፡ እቲ ሓቂ ናይ ዞባናን ዓለምን'ውን እዚ'ኳ እንተኾነ ንክሊማዊ ምምዛባልን ሳዕቤናቱን ዝወሃብ ኣህጉራዊ መልሱግብርን ኣድህቦን ካብቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ኣዝዩ ትሑት ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ኣምባሳደር በየነ ኣሰዒቡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ተሃዋሲ ዓለማዊ ኩነት፡ ኤርትራ ኣብ ርእሰምርኮሳ ዝተሰረተ መንገዲ ብምሕራይ፡ ንኣከባብያዊ ብድሆታት ብዘቤታዊ ዓቕሚ ከምኡ'ውን ብኮም ዝምራሕ ትግባረ መደባት ንምብዓህ ብቐጻሊ ትጽዕሩ ከምዘላ ኣጸቢሩ።

ህንጸት ከዘኑቲ ማያት፡ ምሕያል ንጥፈታት ንምብዕህ ደርቂ፡ ምስፋሕ መስኖኣዊ ሕርሻ ከምኡ'ውን ምርግጋጽ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ክሳብ ርሑቕ ከባቢታት ሓደ ካብቲ ኤርትራ ብኣተኩሮ እትሰርሓሉ መዳያት ምዃኑ ዘብረሀ ኣምባሳደር በየነ፡ እዞም ወፍርታት ኑቶም ብኽሊማዊ ለውጢ ዝጸለዉ ዜጋታትን ከባቢታትን እፎይታ ከምዝፈጥሩ ሓቢሩ።

ብቐጻሊ ዝቶደድ ህዝባዊ ወፈራታት ከምኡ'ውን ብንጡፍ ተሳትፎ መንእሰያትን ተመሃሮን ዝሰላሰሉ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምግራብን ዳግመ-ምግራብን፡ ኣብ ሕውየት ስርዓተ-ማሕደሮን ውሕስነት ህይወታዊ ብዙሕነትን ልዑል ኣበርክቶ ይገብር ከም ዘሎ ድማ ኣረጋጊጹ።

ኣምባሳደር በየነ ብተወሳኺ፡ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ነዊሕ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዘውንና ሃገራት ምዃናን ልዕሊ 350 ደሴታት ከምዘለዋን ብምጥቃስ፡ እዚ ኑቲ ኣብ ከርሲ ባሕሪ ዘሎ ሃብታም ጸጋታት ካብ ብኸላ ንምክልኻሉ ተወሳኺ ሓላፍነት ዘሰክም ከምዝኾነን ውሑስ ኩይኑ ንክቕጽል ኣድላዪ ስጉምትታት ከምዝወሰደትን ኣረዲኡ።




ኤርትራ ኣብ ጸሊምዋ፡ ንፉሳውን ጂኦተርማውን ጸዓት ወፍሪ ተኻይዱ ከምዘሎ ዝሓበረ ኣምባሳደር በየነ፡ ትሑት ቀጠባዊ ደረጃ ዘለወን ሃገራት ናብ ተተካኢ ጸዓት ንኽሰጋገራ ብዙሕ ርእሱማልን ክኢላዊ ዓቕምን ስለ ዘድልየን፡ ብማሕንቖታት ዘይግደብ ተበጻሒ፡ ተኤጫባጥን እዋናውን ፍታሕ ክናደ እዋኑ ምዃኑ ኣዘኻኺሩ።

ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሚስተር ኣንቶንዮ ጉተረሽ ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ ጉባኤ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ዓለምና ካብ ዝኸፍአ እዋን ንላዕሊ ኣብ ተኣፋፊ ኩነታት ከምዘላ ብምጥቃስ፡ እቲ ጉባኤ ንዳግመ-ሕውየት ዓለምን ፍትሓዊ ግዴታን ወፍሪ እንገብረሉን ንምንታይ ንቃለስ ከምዘሎና ደገምና እንምገዝበሉን ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

ዜና

# ናቕፋ - ቅነ ውዳብ መንእሰያት ተኻዩዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ብ6ን 7ን ታሕሳስ፡ ባህላውን ስፖርታውን መሰናድኣታት ዘጠቓለለ፡ ቅነ ውዳብ መንእሰያት ተኻዩዱ።

ሓላፊ ሃግመተኤ ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ፡ መንእሰይ ኣሕመድ መሓመድሰዒድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዕላማ ናይ’ቲ መደብ፡ ብኸለንትናኦም ብቑዓት መንእሰያት ንምህናጽ፣ ኣብ መንጎ መንእሰያት ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ንምምዕባል፣ ከምኡ’ውን ብባህሉምን መንነቶምን ዝኾርዑ መንእሰያት ንምፍጣር ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣቦ ወንበር ኣኼባ ሃግመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምሕያል ውዳቤታት ማሕበር፡ ብኸበርታት ሕብረተሰብ ዝተሃንጹ ከምኡ’ውን ሓላፍነታውያን መንእሰያት ኣብ ምፍራይ ኣበርክቶኡ ልዑል ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ዝቐድም ዘሎ ወህዶ ጸዕሪ ንኽስምር፡ እቲ መደብ ክሳብ ምምሕዳራት ከባቢ ወሪዱ ብምልኣት ክስራሓሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብቲ ንሰለስተ መዓልታት ዝቐጸለ ቅነ ውዳብ መንእሰያት፡ ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ባህላዊ ትልህትን መደረን ከምኡ’ውን ኣብ መንጎ ኣብያተ-ትምህርቲ ውድድር ትንተና ዘጠቓለሉ ንጥፈታት ከምዝተኻየዱ፡ ወኪል ኤሪና ካብ ናቕፋ ሓቢሩ።

# ሰንዓፈ - ነበርቲ ምም/ከባቢ ጎሎ ናይ ሓመድ ጽርግያ ብወፈራ ይጽግኑ


ስእሊ መሓመድ ኣደሪራሕ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ነበርቲ ሓሙሽተ ዓድታት ምምሕዳር ከባቢ ጎሎ፡ ካብ ሰንዓፈ ተበጊሱ ናብ ምምሕዳር ከባቢ ታልሃ-ናርዐ ንዝኸይድ ናይ ሓመድ ጽርግያ፡ ብወፈራ ይጽግኑ’ለዉ።

እቲ ዝሰላሰል ዘሎ ማእቶታዊ ንጥፈታት፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ብዘወቕዐ ብርቱዕ ዝናብ ዝተበላሸወ ጽርግያ ናብ ንቡር ብምምላስ፡ ኣብ ምንቅስቓስ ኪኖጥምም ዝጸንሐ ጸገማት ንምቕላል ዝዓለመ ኮይኑ፡ ዓቕምታቶም ኣወሃሂዶም የሰላስልዎ ከምዘለዉ፡ ኣኪያዲ ስራሕ ናይ’ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ኢብራሂም ዑመር ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ዘካይድዎ ዘለዉ ወፈራ፡ ኣብ ርእሲ’ቲ ጸገም መጎዓዝያ ኣብ ምፍታሕ ዘለዎ ኣበርክቶ፡ ኣብ ማሕበራውን ቁጠባውን ህይወቶም ዓቢ ረብሓ ከምዘለዎ ሓቢሮም።

ምምሕዳር ከባቢ ጎሎ፡ ካብ ከተማ ሰንዓፈ ንሸነኽ ምብራቕ 12 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ እትርከብ ኮይና፡ ኣብ ሓሙሽተ ዓድታት ተጠርኒፎም ዝነብሩ ኣስታት 1,500 ተቐማጦ ኣለዉዋ።

# ኤርትራ፡ ኣብ በይነ-መንግስታዊ ብዓል መዚ ንልምዓት ‘ኢጋድ’ ዝነበራ ኣባልነት ስሒባ

ኤርትራ፡ ካብ ኣባልነት በይነ-መንግስታዊ ብዓል መዚ ንልምዓት ማለት ‘ኢጋድ’ ምውጻኣ፡ ንዋና ጸሓፊ ኢጋድ ብወግዒ ከምዝሓበረት፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣብ ዘውጽኦ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣፍሊጡ።

ውሳነ መንግስቲ ኤርትራ፡ ካብዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ዝቐሰ’ዩ።

ከምዝፍለጥ ኤርትራ፡ ብ1993 ኣብ ዳግመ-ሕውየት ኢጋድ ልዑል ኣበርክቶ ከምዝገበረ፡ ጸኒሓ’ውን ምስ ካልኦት ኣባል ሃገራት ብምትሕብባር፡ ኢጋድ ንምዕዛዝ ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ከም ቀንዲ መሳለጢ ኮይኑ ንኸገልግል ብኣኡ ኣቢልካ ድማ ተጨባጢ ዞባውን ቀጠባውን ወህደት ንምፍጣር - ንምሕዳሱ ከምኡ’ውን ምርግጋጽ ኣድማዕነቱን ከምዝጸዓረት ኣዘኻኺሩ።

እዚ ይኹን ደኣ’ምበር ድሕሪ ግዜ፡ ብፍላይ ድማ ካብ 2005 ኣትሒዙ፡ ኢጋድ ባህግታት ህዝቢ ናይ’ዚ ዞባ ኣብ ምምላእ ፈሺሉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናብ ዝተወሰና ኣባል ሃገራት፡ ብፍላይ ድማ ናብ ኤርትራ ዘጸረረ ሃሳዊ ተራ ከምዝተጻወተን፣ እዚ ዘይሓላፍነታዊ ተግባራት ድማ፡ ንኤርትራ ኣብ ሚያዝያ 2007 ኣባልነታ ከተደስክል ቀሲቡዋ’ዩ።

እቲ ውድብ ንተሃድሶ ከምኡ’ውን ሕሉፍ ጌጋታቱ ብጽሞና ክስተብህሎን ክእርሞን ይኽእል’ዩ ብዝብል ተስፋ፡ ኤርትራ፡ ኣብ ሰነ 2023 ዳግማይ ናብቲ ውድብ ተጸንበረ። ይኹን’ምበር፡ ኢጋድ ካብ ሕሉፍ ጌጋታቱ ክመሃር ከምዘይከኣለን ሕጋዊ ሓላፍነቱ ከምዘየኽበረን እቲ መግለጺ የጸርር።

በዚ ድማ፡ ኤርትራ ካብቲ ሕጋዊ ሓላፍነቱን ተሓታትነቱ ዝዘንግዐ፡ ንስትራተጂያዊ ረብሓን ርግኣት ናይ’ዚ ዞባ ዘይዓጁን ዞባዊ ውድብ ኣባልነታ ክትስሕብ ከምዝተገደደት፡ ጋዜጣዊ መግለጺ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ የፍልጥ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ
12 ታሕሳስ 2025
ኣስመራ።

# ገልዓሎ - ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ናይ ምሳሕ እንግዶት ተገይሩ

ኣብ መስመር ዓሰብ-ባጽዕ ኣብ ምጽጋን ጽርግያን ምስራሕ ድንድላትን ዝሳተፉ ዝለዉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ፕሮጀክት ዓዲሃሎን፡ ብ7 ታሕሳስ ብነበርቲ ሓውሲ ከተማ ገልዓሎ ናይ ምሳሕ እንግዶት ተገይሩሎም።

ኣብ ከባቢ ማርሳ ፋጥማ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ሌተናል ኮሎኔል ጸጋይ ክፍለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ እንግዶት መርኣያ ናይ’ቲ ኣብ መንጎ ህዝብን ሰራዊትን ዘሎ ፍቕርን ምትሕግጋዝን ከምኡ’ውን ዝወራረስ ዘሎ ክቡር ባህሊ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ህዝቢ ምምሕዳርን ንኡስ ዞባ ገልዓሎ ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ንዝገበሩሎም እንግዶት ኣመስጊኑ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ ኣቶ ማሕሙድ ኢብራሂም ብወገኑ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ፕሮጀክት ዓዲሃሎን፡ ነቲ ጽርግያን ቢንቶታትን ንምምሕያሽ ብዘሰላስልዎ ልምዓታዊ ስራሓት፡ ኣብ ምንቅስቓስ ተሽከርከርቲ እፎይታ ፈጢሩ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

እቲ ብነበርቲ ዝተወሰደ ተበግሶ፡ ንሰራዊት ሞራልን ሰንቅን ከምዝሃቦን ብኻልኦት ምምሕዳራት ከባቢ ክሰዓብ ከምዘለዎን ዘዘኻኸረ ኣቶ ማሕሙድ፡ ኣብ ምውህሃድ ስራሕ ንዝጸዓሩ ኮሚቲን ነበርትን ኣመስጊኑ።

ኣብ ልምዓታዊ መደባት ካብ ዝሳተፉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ብወገኖም፡ ኣብ ሃገራዊ ወፍሪ እጃሞም ብምብርካቶም ሓበን ከም ዝስምዖም ብምግላጽ፡ ብነበርቲ ዝተገብረሎም ኩለንትናዊ ምትሕብባር ኣብ ስራሖም ደርቂን ሓቦን ከምዝሃቦም ኣብሪሆም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ስፖርታዊ መሰናድኣታት ቀሪቡ ነይሩ።


ስእሊ ጀማል መዐታልክ

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊስ 125013 - ቊሳጶ 1284

# ኲርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኣገደስቲ እንደታት 1

### ንዕዉት ጉዕዞ ትምህርቲ

ተመሃሮ ዕዉታት ክኾኑ ዝገብሩዎ ልምድታት ኣለዎም። ነዚ ልምድታት ብምጥቃም፣ ካልኦት ተመሃሮ ክዕወቱ ይኽእሉ እዮም። ኣብዚ ብተኻታተሊ ዝቐርብ፣ ካብ ልምድታት ዕዉታት ተመሃሮ ተመርኩሱ ዝተኣከበ እንዶታት፣ ብዙሕ ክጥቀሙ ተሰፋና እዩ። ንሎሚ ሊድያ ሰመረ ዝልኣኸትልና ጽሑፍ ገይርና ክንፍልሞ ኢና፣ ኣብ ዝመጽእ ናትኩም ተመኩሮ ክትልእኩልና ክንጽበ ኢና።

### 1. ኣብ ሓደ እዋን ብዙሕ ከተጽንዕ ዘይምፍታን

ኣብ ሓደ እዋን፣ ብሓንሳብ፣ ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ ብዙሕ ከተጽንዕ ምፍታን፣ ድኻም የስዕበልካ'ሞ እቲ እተካይዶ ዘለኻ መጽናዕቲ ውጽኢታዊ ኣይከውንን። ኣብ ዝተወሰነ ግዜ፣ ንኣብነት ድሕሪ ሰዓትን ፈረቓን ወይ ክልተ ሰዓት መጽናዕቲ (ከከም ዓቕምኻ) ክሳዕ 15 ደቒቕ ሓጺር ናይ ዕረፍቲ ግዜ ውሰድ። ዕረፍቲ ምውሳድ ሓይልኻ ከም ዝሕደስን ንዝቕጽል መጽናዕቲ ድማ ድሉው ከም እትኸውን ይገብረካ። እቲ እትወስዶ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ካብ 15 ደቒቕ ንላዕሊ እንተ ኰይኑ እቲ ዝነበረካ ናይ መጽናዕቲ ሃዋህው ስለ ዘጥፍእ፣ ካብኡ ክነውሕ ኣይምረጽን።

### 2. ናይ መጽናዕቲ ውሱን ግዜ ምህላዉ

ውሱን ናይ መጽናዕቲ ግዜ ይሃሉኻ። ፈተና ኩነ ዕዮ ገዛ ይሃሉወካ ኣይሃሉወካ ብዘየገድስ ኩሉ ግዜ ኣብቲ ውሱን ዘዳለኻዮ ናይ መጽናዕቲ ግዜ ኣጽንዕ። ፈተና ክህሉወካ ተጽንዕ ጥራይ እንተ ኴንካ ጽቡቕ ውጽኢት ክትረክብ ኣይትኽእልን ኢኻ።

### 3. ሓደ ሰዓት ናይ መጽናዕቲ ግዜ ምህላው

ኣእምሮ ንመጽናዕቲ ብቐሊሉ ድሉዉ ክኸውን እንተ ደሊኻ ናይ ምጽናዕቲ ግዜኻ ኩሉ ግዜ ሓደ ይኹን። ንኣብነት፥ ካብ ሰዓት 8 ክሳዕ 11 ከተጽንዕ መደብ እንሃልዩካ፣ ኩሉ መዓልቲ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣጽንዕ። እዚ እንተ ደኣ ገይርካ ኣእምሮኻ ይለማመድ እሞ ኩሉ መዓልቲ ካብ ሰዓት 8 ክሳዕ 11 ንመጽናዕቲ ድሉው ይኸውን።

### 4. ውሱን ሸቶ ምህላው

ብዘይ ሸቶ ኮፍ ኢላካ መጽሓፍቲ ምግንጻል ጥቕሚ የብሉን። ካብ መጽናዕቲ ፍረ ክትረክብ ሓደ ዝተወሰነ ዕላማ ይሃሉኻ። ንኣብነት፥ “ኣብዚ ኮፍ ኢለ ዘጽንዕ ዘለኹ ኣብ ምዕራፍ ሓደ ብዛዕባ ስርዓት ዙረት ደም ንምርዳእ እዩ፣” ወይ “ብዛዕባ ሕግታት ኒውቶን ንምፍላጥ'ዩ፣” ዘብል ሸቶ እንተ ሃልዩካ ናይ መጽናዕቲ ግዜኻ ውጽኢታዊ ይኸውን።



### 5. ኣብ ዝተመደበ ግዜ መጽናዕቲ ምጅማር

ዝተዋሃበና ዕዮ ገዛ ቀሊል ስለዝኾነ “ድሓን ጽንሕ ኢለ፣ ቍሩብ ትጽውት ኣቢለ፣ መጽናዕቲ ክጅምር'የ፣” “ሰዓት ገና'ዩ ዘሎ ኣርክበሉ'የ፣” ወዘተ ዝብል ሓሳባት ኣወግድ። ኣብ ትምህርትኻ ዕዉት ንኽትከውን፣ ንትምህርቲ ቀዳምነት ሃብ። ብመደብካ መሰረት መጽናዕቲ እትጅምረሉ ሰዓት 9 እንተ ኰይኑ፣ ኩሉ ግዜ ሰዓት 9 ጀምር። ከምዚ ምግባር ካብ ሰዓት ምስ ኣኸላካ ብታህዋኽ ዕዮ ገዛ ትሰርሕ፣ ቀስ ኢልካ ብጽፈትን ተገዳስነትን ክትሰርሕ ወይ ከተጽንዕ ይሕግዘካ።

### 6. በቲ ዝበርተዐ ምጅማር

እቲ ዝበርተዐ ዓውደ ትምህርቲ ንኽትምልሶ ግዜን ጻዕርን ዝወስድ ብምዃኑ፣ ኩሉ ግዜ ከይደኸምካን ምሉእ ብምሉእ ነቑሕካን እንከለኻ መጽናዕትኻ ብእኡ ጀምር። እዚ ከኣ ነቲ ዝበርትዓካ ዓውደ ትምህርቲ ምሉእ ኣቓልቦ ሂብካ ክትሰርሕ የኽእለካ።

### 7. ዕዮ ገዛ ቅድሚ ምስራሕ ናይ ዝሓለፈ ጽሑፍ (ኖት) ደጊምካ ምንባብ

ዕዮ ገዛ ክትሰርሕ እንከለኻ ብልክዕ መልሲ ክትህብን ተወሳኺ ሓበሬታ ምእንቲ ክትረክብን ብዛዕባ እቲ ተዋሂቡካ ዘሎ ዕዮ ዝምልከት ጽሑፍ ደጊምካ ኣንብቦ።

### 8. ናይ መጽናዕቲ ግዜ ኣቐዲምካ ንስድራቤትካን ዓርከ መሓዛኻን ምሕባር

“ካብ ሰዓት 8 ክሳዕ 11 ከጽንዕ ስለ ዝኾንኩ ኣይወጽእን'የ፣” ኢልካ ንብጾትካ ኣቐዲምካ ንገሮም። ምኽንያቱ፣ ኣብ መንጎ መጽናዕቲ እንከለኻ ኣዕሩኽትኻ እንተ መጺኦም፣ ንሳቶም እናተጻወቱ ከተጽንዕ ክትሸገርን ሙድ መጽናዕትኻ ከም እተጥፍእን ይገብረካ። ንእኦም ኣፋኒኻ ነቲ ዝነበረካ ሃዋህው ክትመልሶ ኣጸጋሚ'ዩ። ስለዚ፣ እተጽንዓሉን እትጻወተሉን ግዜ ካብ ሰዓት ክንደይ ክሳብ ክንደይ ምዃኑ ኣቐዲምካ ንኹሉ ሰብ ፍሉጥ ግበሮ።

### 9. ዘይትርደኦ እንተ ኣጋጢምካ ምስ ብጾትካ ኬንካ ምፍታን

ኣብ ዝኾነ ዓውደ ትምህርቲ ክትርደኣ ዘሸግረካ ጽሑፍ እንተ ኣጋጢሙካ ምስ ብጾትካ ኬንካ ብሓደ ብምጽናዕ ክተፈትሖ ፈትን። ምኽንያቱ፣ ካብ ብጾትካ ነቲ ጽሑፍ ዝፈልጡ ክህልዉ ይኽእሉ'ዮም። ካብ ሓደ ርእሲ ክልተ ርእሲ ከም ዝበልጽ ዘክር። ምናልባት ብጾትካ ዘይፈልጡዎ እንተ ኰይኖም ንመምህርካ ካብ ምሕታት ድሕር ኣይትበል።

### 10. ቀደመ ሰንበት ምጽናዕ

ብዙሓት ተመሃሮ ቀዳመ ሰንበት ጸወታ'ምበር ውራይ መጽናዕቲ ክዘክሩ ኣይደልዩን'ዮም። “ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ተማሂርና ኢና። ቀዳመ ሰንበትሲ ከነዕርፍ እባ፣” ይብሉ'ዮም። እዚ ግን ኣብ ትምህርትኻ ጽቡቕ ውጽኢት ንኸይተምጽእ ይዓግተካ'ዩ። ስለዚ፣ ሰኑይ ንግሆ ኣእምሮኻ ንትምህርቲ ድሉው ኰይኑ ናብ ክፍልኻ ክትኣቱ፣ ኣብ ትምህርትኻ'ውን ዕዉት ክትከውን እንተ ደሊኻ ቀድመ ሰንበት ውጥን ብምውጻእ ንጸወታ ጥራይ ዘይኰነ፣ ንመጽናዕቲ'ውን ተጠቐመሉ።

ሊድያ ሰመረ

## ዓይንን ብርሃንን



ዓይንና ወይ ናይ ምርኣይ ስምዒትና ምስ ብርሃንን ሕብርታትን ጥቡቕ ምትእስሳር ኣሎዎ። ኣብ ቅድሚት ሕብጥ ዝበለ ቅርጺ ገዲፍካ ዓይንና ከባብ እያ። እዚ ሕብጥ ዝበለ ብደገ እንርእዮ ኣካል ኮረና ዝብሃል ኰይኑ ብርሃን ብመገዱ ኣቢሉ ይኣቱ። ምስ ኮረና ለጊቡ ንውህደት ሕብሪ ዝሕሉ ‘ኣይሪስ’ ዝብሃል ኣካል ኣሎ። እታ ጸላም ነጥቢ ብሌን ዓይንና ‘ፑፒል’ ትብሃል። ‘ኣይሪስ’ ነቲ ዝመጽእ ብርትዐ ብርሃን ርእዩ ቅርጽን ግዝፊን ‘ፑፒል’ ይቈጻጸሮ። ዓይጽና ድሙቕ ብርሃን ንዘሎዎ ኣካል ኣብ ዝዕዘበሉ ‘ፑፒል’ ትንእስ፣ ደብዛዝ ብርሃን ኣብ ዝኾነሉ ትገዝፍ። ብዝያዳ ኣብ ትገዝፈሉ ከኣ ክፍለጠና ይኽእል።

‘ኣይሪስ’ ካብ ብርሃን ክከላኸል ዝኽእል ‘ፒግመንት’ ኣሎዎ። ‘ፒግመንት’ ኣብ ቈርበት፣ ጸጉሪ ርእስን ካልእን ዝርከብ ሕብሪ ዝህብ ጥረ ነገር እዩ። ገለኡ ሰብ ኣብ ድሕሪት ‘ኣይሪስ’ ፒግመንት ክህሉዎ እንከሎ ኣብ ገለኦም ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣይሪስ ይርከብ። ብርሃን በዚ ፒግመንት ኣብ ዝሓልፈሉ እዋን፣ ኣብ ብርሃን ካብ ዝርከብ ሕብሪታት (ቀስተ ደበና) ንቐይሕን ብጫን ነፍዩ የትርፎ'ሞ እቲ ዝተረፈ ብርሃን ከኣ ብሰማያዊ ይዕብለል። በዚ ምኽንያት ገለ ሰባት ሰማያዊ ሕብሪ ዓይኒ ይህሉዎም።

ኣብ ቅድሚት ኣይሪስ እንተ'ልዩ ዝተፈላለየ ዓይነት ሕብሪ ብርሃን'ዩ ዝስሕብ። ኣዒንቲ ከምዚ ዓይነት ኣጋጣሚ ዘሎዎም ሰባት፣ በቲ ኣብ ድሕሪ ኣይሪስ ዝበጽሕ ብርሃን ይውሰን። ሓደ ሓደ ግዜ ገለ ሰባት ኣብ ንእስነቶም ናብ ሰማያዊ ዝኸደ ሕብሪ ይጸንሖም'ሞ እናዓበዩ ክኸዱ እንከለዉ ፒግመንት እንተ ኣማዕቢሎም ናብ ጸሊም ዝኸደ ሕብሪ ዓይኒ ይህሉዎም።

ማክዳ ትንሱእ

## ኣፍንጫን ኣገልግሎታን



ኣፍንጫ ንስርዓተ ምስትንፋስ ዝፍልም ኣካል እዩ። ኣፍንጫ ናይ መብዛሕትኦም እንስሳታት ንተመሰሳሊ ዕላማ ዝሰርሕ ኰይኑ፣ ኣብ ቅርጺ፣ ግዝፈን ቍመትን ከኣ ክፈላለ ይኽእል። ኣፍንጫ ንብዙሓት እንስሳታት ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ኣገዳሲ'ዩ። ኪንዮ ምስትምቓር ጨና፣ መግቦም ንምድላይ፣ ጸላእን ፈታውን ንምልላይን ካልእ ተወሳኺ ኣገልግሎት ኣሎዎ። ኣፍንጫ ሓርማዝ ከም መሓውሩ ነዊሕ ብምዃኑ ኣክንዲ ኢዱ ኰይኑ ከገልግል እንከሎ፣ ንኽሰቲ፣ ነብሱ ማይ ንኽኽዕውን ከም ታራንፐት መንቈውን ይጠቐሞ። ኣፍራስን ኣግማልን ልክዕ ከም ኣዒንትና ሰምሰም እነብሎ፣ ሓመድ፣ ሑጻ ወይ ደሮና ዘሎዎ ንፋስ ኣብ ዝህሉወሉ ክዓጽዉዎን ክኸፍቱዎን ይኽእሉ። ሳልሞን ዓሳ ድሕሪ ምውላዱ፣ ኣሽሓት ኪሎ ሜትሮታት ካብ እተወለደሉ ቦታ ተጓዒዙ፣ ንዓመታት ጸኒሑ ናብታ ዝነበራ ቦታ ብኣፍንጫኡ እናሸተተ ክምለስ ይኽእል። ጨና ናይ ምፍላይ ክእለቱ ሓያል'ዩ። ንሕናኸ ካብ ቤት ትምህርትና ናብ ገዛና ብኣፍንጫና ተሓጊዝና ምበጻሓናዶ መሰለኩም?

ናይ ሰብ ኣፍንጫ ብዓጽምን ቀርጠምጠመን ዝቈመን ብቘርበት እተሸፈነን ኰይኑ፣ ንምትሕልላፍ ኣየር የገልግለና። ኣብ ኣፍንጫና ዝርከብ ደቂቕ ጸጉሪ፣ ምስ እንስሕቦ ኣየር ከም ደሮና፣ ርስሓት፣ ደቀቕቲ ሓሳኹን ካልእን ሓኒቑ የትርፎ። ብተወሳኺ ድምጽና ምስ ግዝፊ፣ ቅርጽን ጥዕናን ኣፍንጫና ዝተኣሳሰረ ምዃኑኸ ትፈልጡዶ?

ንጨና ዝፈልጥ ኣካል

ኣብ ቅድሚት ዝርከብ ኣፍንጫና ዘይኰነ ኣብ ሰርናና ኰይኑ፣ ‘ኦልፋክቶሪ ነርቭስ’ ዝብሃሉ መትንታት ኣብኡ ስለ ዝርከቡ እዩ። ንጨና ዝውክል ‘ሜለኵል’ ኣብ'ዞም መትንታት ምስ ተንከፈ፣ እዞም መትንታት ድማ ናብ ሓንጎልና መልእኽቲ ይሰዱ። ሓንጎልና ከኣ ነቲ ጨና ኣለልዩ ከም እንዝክሮ ይገብር። ዝበዝሐ ሰብ ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ በበይኑ ጨና ክፈሊ ወይ ክፈልጥ ይኽእል። ምሽታት ንናይ ዝኾነ ጣዕሚ ከም ንጥዑም፣ መጺጽ፣ ጨዋምን መሪርን ክፈሊ ዝኽእል ኰይኑ፣ ኣፍንጫና ኣብ ዝዕበሰሉ ንዝኾነ ኣብ ኣፍና ዝኣቱ ናይ ምስትምቓር ክእለትና ይጐድል ምዃኑኸ ተስተብህሉሉዶ?

ትምኒት ሰመረ

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

“ክልተ ደረት ኣልቦ ነገራት እዩ ዘሎ፣ ቅጅለትን ድንቍርናን ወዲ ሰብ። በቲ ካልኣይ ግን ርግጸኛ ኣይኮንኩን።”

- Albert Eintein

ንትምህርቲ፣ ምህዞ፣ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ሽባብ

ሃ ማ መ ተ ኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ’ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ “ሕቶ ሽባብ” እምበኣር ንገለ ካብ’ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ “ሆት ላይን” ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ክሰምረለይ

## ደቀይ ቅድሚ 2 ዓመት ናብ ኤርትራ ኣምጺአየን

ደዋሊ፥ ሄለው፡ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን?

ኣማኻሪ፥ መርሓባ ጽቡቕ ኣለኺ። መን ክብልን ካበይ ትድውልን ትህልዊ?

ደዋሊት፥ ዮርዳኖስ ይብሃል። ኣብ ወጻኢ ሃገር’የ ዝነብር። ሕጂ ግና ካብ ኣስመራ’የ ዝድውለልካ ዘለኹ።

ኣማኻሪ፥ መርሓባ! ሕራይ እንታይ ክሕግዘኪ?

ደዋሊት፥ ክልተ ኣብ ፊንላንድ ዝዓበያ ኣዋልድ ኣሎዋኒ። ቀይዲ በተኽ ኣካይዳ ናይቲ ዓዲ ስለ ዘይፈተኹዎ፡ ደቀይ ቅድሚ ክልተ ዓመት ናብ ኤርትራ ኣምጺአየን።

ኣማኻሪ፥ ንስኺኽ ምስአን ኮፍ ኢልኪ ማለት ድዩ?

ደዋሊት፥ ምስ መቕርብ እምበር?

ኣማኻሪ፥ ብዘይ ውላድ ብዘይ ወላዲ ምእላይ ከመይ ይመስለኪ?

ደዋሊት፥ ቀሊል ኣይኮነንን እንድዩ፡ ኣብቲ ዘለናዮ ዓዲ ግና ደረት ዘይብሉ ናጽነት ንቖልዑ ስለ ዘሎ፡ ባህሊ ኣሎ ክትብል ኣይትኻልን ኢኻ። ኣብ ዓድና ግና፡ ገለ ክብርታት ሕብረተሰብ ክምሃራለይ ይኽእላ’የን ስለ ዝበልኩ’የ።

ኣማኻሪ፥ ናጽነት ንቖልዑ ሃሳዩ ድዩ ኮይኑ?

ደዋሊት፥ ናጽነት ጥራይ ትብሎ፡ ኣዘዝቲ ኮይኖም ንሳቶም ብዝበሉኻ እናተማእዘዝካ ኢኻ እትኸይድ።

ኣማኻሪ፥ እንታይ ለውጢ ከምጽኣ ኢኺ ኣምጺእክየን?

ደዋሊት፥ ከይሓባእኩ ክነግረካ፣ መሓዙት ኣብዚሐን ደገ ደገ ክብላን ኣብ ትምህርቲ’ውን ክሓምቃ ስለ ዝተዓዘብኩ፡ ገለ መፍትሒ እንተ ረኸብኩ ኢለ’የ። ካብ ህይወት ዓድና ክምሃራ፡ ከምኡ ድማ ገለ ገለ ስድራቤታት ከምዚ ዓይነት ስጉምቲ ወሲዶም ዝተዓወቱ ስለ ዘለዉ ንሓሳባተይ ኣራጒዱዎ’ዩ።

ኣማኻሪ፥ ቦታ ምቕያር ንበይኑ ለውጢ ከምጽእ ይኽእል’ዩ ዝብል ግምት ስለ ዝወሰድኪ ድዩ?

ደዋሊት፥ ሰብ ዝተፈላለየ ዓይነት ህይወት ክርእይ እንተ ዘይክኢሉ፡ ክመሃር ኣይክእል’ዩ ስለ ዝበልኩ’የ። ኣብ ዓድና ካብ ኣተዓባብያ መዛኖአን ክምሃራ ስለ ዝደለኹ’የ።

ኣማኻሪ፥ ኣብኡ’ኸ ክምሃራሉ ዝኽእላ ኣጋጣሚ ኣይነበረንን ድዩ?

ደዋሊት፥ ኣብኡ ዝከኣለኒ ጽዒረለን’የ። ገለ መለሳ እንተ’ኾነን ከኣ ሓሲበ።

ኣማኻሪ፥ ብዘይ ወለዲ ይሰልጥዶ መስለኪ?

ደዋሊት፥ ንሕና ደኣ እንጀራ ክነናዲ ለይትን መዓልትን ብስራሕ ዕረፍቲ ዘይብልና።



ኣማኻሪ፥ ግዜ ዝውሕደኩም እንተ ኮይኑ ደኣ፡ እዚ ጸገመ ደኣ ብኸመይ ኣለሊኹሞ?

ደዋሊት፥ ጠባየን ክቀያየር ጀሚሩ።

ኣማኻሪ፥ ኩነታት መነባብሮኹም ከመይ’ዩ?

ደዋሊት፥ እንጀራ ሕሱም ኮይንና፡ ዋላ ምስ ብዓልቤተይ በበይንና ኢና እንነብር ዘለና።

ኣማኻሪ፥ ዕድመአን ክንደይ ይኸውን?

ደዋሊት፥ ሕጂ ደኣ 15ን 17ን ዓመት ገይረን ኣለዋ።

ኣማኻሪ፥ ብኸመይ ኣገባብ ኢኺ ኣምጺእክየን?

ደዋሊት፥ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ንዓደን የምጽአን ስለ ዝነበርኩ ብዙሕ ኣይተሸገርኩን። ደሓር ከኣ ምስ ቤት ትምህርተንን ብዓልቤተይን ተማኺርና ኢና ወሲንንናዮ።

ኣማኻሪ፥ እሞ ርእይቶአን እንታይ ነይሩ?

ደዋሊት፥ ኣብ ዓደን ክግደሳ በብእዋኑ ብዙሕ ጻዕሪ ስለ ዝገበርኩ፡ ኣብቲ ንመላለሰሉ ዝነበርና እዋን መሓዙት ክገብራን ናፍቖት ከሕድራን ስለ ዝኸኣላ፡ ንኽመጽኣለይ ብዙሕ ኣይተሸገርኩን።

ኣማኻሪ፥ ብዛዕባ ሓሳባትኪ ዝነበረን ኣፍልጦ እንታይ ይመስል?

ደዋሊት፥ “ዓድና ኩነታት ኣየሩን ሰቡን ጥዑም’ዩ፡ ኣብኡ ክትነብር ክትምሃር ኣዝዩ ጽቡቕ’ዩ። ዓድና ሕጂ ፈሊጥክንኦ እንተ ጸኒሕክን ብድሕሪና ኣይክትሸገራን ኢኽን፡” እናበልኩ እነግረን ነይረ’የ።

ኣማኻሪ፥ ብዛዕባ ሃገረን ዝነበረን ሌላ ከመይ ትግምግምዮ?

ደዋሊት፥ ደቂ ሎሚ ዕድለኛታት እዮም። ኣብ ዘዘለናዮ ብማሕበረኮም ተጠርኒፍና ብዛዕባ ባህልን ልምድን ዓዶም ስለ እነላላዮም፡ ብንኣሽቱኦም ሌላ ሒዞም ስለ ዝዓብዩ ብዙሕ ስክፍታ የብልናን።

ኣማኻሪ፥ ዓዲ ምስ ኣምጻእክየን ዝርኣኺዮ ለውጢ ኣሎዶ?

ደዋሊት፥ ብሓቂ ኣብቲ ዝበዝሐ ነገር ተዓዊተ’የ። ክልወጥ ኢለ ዝገመትኩዎ ዘይዓገብኩሉ ነገራት ግና ኣሎኒ።

ኣማኻሪ፥ ኣብነት?

ደዋሊት፥ ዝዓበያሉ ውልቃውነት ዝዓብለሎን ንኣይ ይጥዕመኒ ዝብል ኣረኣእያን፡ ዳርጋ ገዲፈን ክሓልያ ጀሚረን’የን። ኣብቲ መጀመርያ፡ ምስቲ ዝለመዳኦ ኣተዓባብያ፡ ስለ ዘይተሳኸዓለን ምስ ኣለይተን ብዙሕ ክሰማምዓ ኣይከኣላን። ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ግና መሳቱኣን እናርኣያ ለውጢ ገይረን’የን። እቲ ቃሕ ዝበለካ ምግባርን ዘይምእዙዝነትን ግና ቊሩብ ዝተርፈን ኣሎወን።

ኣማኻሪ፥ ምስ ጻዕርኺ ብምዝማድ፡ ከምቲ ዝደለኺዮ ዘይምኳኑ እንታይ እንታይ ይመስለኪ?

ደዋሊት፥ ኣቐዲመ ክገብሮ ዝግበኣኒ ዝነበረ ክገብር ዘይምኽኣለይ፡ ነብሰይ ዝኽቕፈሉ ኩነታት ኣሎ።

ኣማኻሪ፥ ምስ ደቅኺ ዘሎኪ ምቅርራብ ከመይ ይመስል?

ደዋሊት፥ ብሰንኪ ናብራ ኣብ ዓመት ሓደ ወርሒ ዝኸውን ኢና ብሓባር እነሕልፎ።

ኣማኻሪ፥ ካብቶም ኣለይተን እትረኽብዮ ግብረ መልሲኸ እንታይ ይመስል?

ደዋሊት፥ ንሳቶም ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ንዝረኽብኦ ግዜ፡ ምስ መሓዙተን ሻሂ ምስታይ ከም ዘዘውትራ ሓቢሮሙኒ። ኣነ ግና ምስ ዝርእዮ ክውንነት ስለ ዘይተጋጠመለይ ተጠራጢረ ኣጥቢቐ ምስ ሓተትኩ፡ ናጽነት ዝያዳ ከም ዝደልያን ሓሻሽቲ ምኻነንን ተሓቢረ።

ኣማኻሪ፥ ደቅኺ ካባኺ ብምፍላየን፡ ትጽቢታትኪ ተመሊሱልክዶ ይኸውን?

ደዋሊት፥ ትጽቢተይ ደኣ ከምቶም ከባቢኦም ምሂሩዎም ምእዙዛት መንእሰያት ክኾና፡ ባህገይ ሰሚሩ፡ ካብቲ ናይ ምዕራባውያን ባህሊ ክገላገላለይ’ዩ ነይሩ።

ኣማኻሪ፥ እሞኸ ኣይሰመረን?

ደዋሊት፥ ገለ ክፋሉስ ሰሚሩ ግና ኩሉ ዘይኮነለይ ሰሲዑ።

ኣማኻሪ፥ እሞ ብግልጺ ተዘራሪብክንዶ?

ደዋሊት፥ ብግልጺ ከምዚ ትገብራ ኣለኽን ዘይኮነ ንዘይተጻፈፈ ባህሪን ምስቶም ዘይቅቡላት ጣባይ ብምሕዋስ ሓደጋ ከም ዘሎዎ እመኽረን’የ። ካልእ ኣብዛ ሓጻር እዋን ካብ ህዱእ ልዝብ ሓሊፈ ዝበለን የብለይን። ሕብረተሰብ ኤርትራ ብባህሊ፡ ታሪኽን፡ ክብርታትን ኲስኩሱ ዘዕብዮም ደቁ ምውዓለን ዝረኽባኦ ረብሓ ስለ ዘሎ እምነተይ ልዑል ብምኳኑ ተስፋ ገይረ’የ ዝፋነወን።

ኣማኻሪ፥ ቈልዑ ምዕባይ ናይ ገዛእ ርእሱ ስነ ፍልጠት ዝሓትት’ዩ። ወለዲ ንደቆም ካብኣቶም ተፈልዮም፡ ብኽብርታት ሃገሮም እናተኹስኩሱ ክዓብዩ ክደልዩዎም ይኽእሉ እዮም። እንተኾነ ኩሉ ብሓደ እዋን ዘረጋግጽ ዘይምኳኑ ከኣ ክኣምኑ ይግባኦም። ኣብ መንእሰያት ዝድለ ለውጢ ምስ ዘለዉዎ ከባቢ ክወሃሃድን ክእለን ዝግበኦ ምኳኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ’ዩ። ካብ ስድራኦም ተፈልዮም ሃገር ናይ ዝቐየሩ ዝጥረ ከም ዘይኮነ ምግንዛብ ይግባእ። ናብ ሃገሮም ምምጽኦም ብቐሊሉ ዘይግመት ረብሓታት’ኳ እንተ’ለዎ፡ ውጽኢታዊ ኣቀራርባ ብዘሎዎ መገዲ፡ ንቓና፡ ኣረኣእያን ሰብኣውነትን ከይተረፈ፡ ምስኦም ብዘጠዓዓም መገዲ ክዋደድ የድሊ።

ቈልዑ ኣብ ዝዓበዩ ይዕበዩ ወሳኒ ግደ ክህሉዎም፡ ኣብ ኩነታት ወለድን ቅዲ ኣተዓባብያኦምን’ዩ ዝምርኰስ።

ክኢላታት ስነ ልቦና ከም ዝሰማምዕሉ፡ ቈልዑ ዝቐየርሉን መጻኢኦም ዝልለየሉን ዕድመ ምስ ናይ ደቅኺ ክነጻጸር እንከሎ፡ ኣቐዲመን ሓሊፈንአ’የን። ስለዚ፡ ዘሎኪ ትጽቢታት፡ ብገለ ሸነኹ ክሰምር እምበር ምሉእ ብምሉእ ናብ ዝደለኺዮ መኣዝን ከጥወየልኪ ዝከኣል ኣይመስለናን። ምሳኺ ከለዋ ብዝደለኺዮ ዘይተኸየደ መገዲ፡ ካልእ ሰብ ከዐርየልኪ ምጽባይ ትጽቢት ጥራይ ኮይኑ ከይተርፍ ምስትውዓል ኣገዳሲ’ዩ።

ሕጂ’ውን ክንብል በለ እምበር ኣይተኻዕወን ከም ዝብሃል፡ ሓሳባት ደቅኺ ጽን ኢልኪ ብምስማዕ፡ ንዝሓተታኦ ብተገዳስነት ግቡእ ግብረ መልሲ ብምሃብ ክድበስ ዘይከኣል ኣይኮነን። ምስ መሳቱኺ ተዕልሊ ከም ዘለኺ ፈኲስቲ ቃላት ብምጥቃም፡ ንስምዒታተን ብምሕላው ምዕባለታተን ምግምጋም ከድሊ’ዩ። ለውጢ ዘይብሉ ናብራ ይነብራ እንተ’ለዋ ግና ዳግመ ግምት ክትገብሪ ይግባእ። ነዚ ንምርግጋጽ ከኣ ንደቅኺ ኣበየናይ እዋን እንታይ ዓይነት ባህሪ ከንጸባርቓ ከም ዘሎወን ብዓቕምኺ ይሕግዙኺ’ዮም ዝተባህሉ ጸሑፋት ምንባብ’ውን ሓጋዚ’ዩ።

ብሓባር ዘይምህላውክን ዝፈጥሮ ርእሱ ዝኸኣለ ጸገም ከም ዘሎዎ ምስትብሃል ኣገዳሲ’ዩ። ሰብን ቦታን ዝፈጥሮ ለውጢ ዝከሓድ ዋላ እንተ ዘይኮነ፡ ጠባይ ደቅኺ ብምጽናዕ፡ ኣብ ኣገባብ ምትብባዕን መቕጻዕትን ንስኺ ዝወሰንክዮ ዝያዳ ተዘካሪ ምኳኑ ምፍለጥ ነዘኻኽር። ንኣኣተን ክትኣልዩ ዘይከኣልክሉ ምኽንያት፡ ሕጽረት ግዜ ምኳኑ ኢኺ ሓቢርኪ። ስለዚ፡ ንዝዓበያሉ ኩነታት ኣብ ግምት ኣእቲኺ፡ ብምስትውዓል ዘጋጠመ ክውንነትን ዝነበረ ድሌትን ምግምጋሙ የገድስ’ዩ።

ብዛዕባ ሓላፍነት ኣብ እተስተምህርሉ እዋን፡ ርሕቀትኪ ክትሕልዊ ጽቡቕ’ዩ። ንደቅኺ እዋኑ ዝሓለወ ናይ ቀልድን ምዝንጋዕን ግዜ ምፍላይ ከድልየኪ’ዩ። ብኣኽብሮትን ብሃናጽን መገዲ፡ ሚላ ኣፈታትሓ ግርጭት፡ ዝምድና ምስ ሰባት፡ ተሰማሚዕካ ምንባር ክማሃራ ይከኣል’ዩ። ክርሳዕ ዘይብሉ፡ በጺሐንኦ ዘለዋ ዕድመ፡ ጠባየን ዝቀያየረሉን ከባቢአን ዘለልያሉ’ዩ። ወለደን ኣብ ዝርከቡዎ ብቐረባ ኩነታተን ንምክትታል ስለ ዝጥዕም፡ ክልተ ዓይኒ ካብ ምርኣይ’ውን ስለ ዘገላግል፡ ብዕቱብ ክትሓስብሉ ይግባእ።

ደዋሊት፥ ዝበዝሐ ምርካበይ ብምምጻአን ዕውትቲ’የ።

ኣማኻሪ፥ እንቋዕ ዝበዝሐ ተረኺበ እሞ፡ ዝተረፈ ከኣ ቀስ ኢልኪ ተርክብሉ።

ደዋሊት፥ ናይ ወለዲት ነገር ኩሉ ብሓደ ክኾነለይ ተጸብየ እምበር፡ ደጊም ደኣ ክልተ ዓይኒ ርኢኻ ከም ዘየዋጽእ ተረዲአ ኣለኹ። ኣጒዲለ ምህላወይን ጸገመይ ኣለልየ ኣለኹ። ዝተረድኣኒ ኣማራጺ ሓሳባት ሂብካኒ ኣለኻ። ናይ ዝመጽእ ሰባት ይበለና’ሞ፡ ንዓመታ ደጊመ ክረኽበካ ተስፋ እገብር። ሰሰናዩ!

ኣማኻሪ፥ ሕራይ፡ ኣነ’ውን ናይ ብዙሓት ስድራቤታት ዛዕባ ምልዓልኪ ኣመስግነኪ።

ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ባህርያዊ ድኹዒ፡ ኮምፖስት

*ድኹዒ፡ ትሕዝቶ ፍርያምነት ሓመድ ኣብ ምህብታም፡ ሕጽረት መኣዛዊ መግቢ (ባእታታት) ኣትክልቲ ኣብ ምምላእን ምውሳኽን ዚያዳ እቶት ንምርካብን ዘገልግል'ዩ። ድኹዒ፡ ቀመማውን (ሰብ ዝሰርሖ) ባህርያውን ብምባል ኣብ ክልተ ንኽፍሎም። ባህርያዊ ድኹዒ፦ ባህርያውያን ጥረ-ነገራት-ኣትክልቲ፡ ተረፍ-መረፍ ሕርሻን፡ ጕሓፍ ክሽነ፡ ቀልቀል እንስሳታት፣ ዝሞቱ እንስሳታትን ካብ ምንጪ ማዕድናውያን ተመስሪሑ፡ ብመልክዕ ደረቕን ፈሳስን ዝዳሎ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ እዩ። ባህርያዊ ድኹዒ፡ ዘይከም ቀመማውያን ድኹዒታት፡ ንትሕዝቶን ኣቃውማን ሓመድ ብምህብታም፡ ንጥፈታትን ብዝሒነትን ስነ-ህይወታውያን ኣብ ሓመድ የሰስንን እቶት የደንፍዕን። ክቡራት ኣንበብቲ ዓምድ ፍረ-ጻዕሪ፡ ኣብ ናይ ሎሚ ዓምድና ንሓፈሻዊ ፍልጠት ባህርይ ድኹዒ ብፍላይ ድማ ኮምፖስት ዝድህስስ ትሕዝቶ ምስ ኣቶ ደርማስ ሱልጣን፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፡ ላዕለዋይ ክኢላ ምርምር ሓመድን ኣቦ ወንበር ሸማግለ ባህርዊ ድኹዕን ዝተኻየደ ቃለ መሕትት ይሰዕብ።*

**ባህርያውያን ድኹዒ እንብሎም ብዓል መን'ዮም?**

ባህርያውያን እንብሎም ድኹዒታት፡ ኮምፖስት፡ ድኹዒ ገደና፡ ድኹዒ ዓጽምን ደምን እንስሳታት፡ ድኹዒ ዓሳን ጻህያይ ባሕርን፡ ቀጠልያ ድኹዒ፡ ድኹዒ ጕንደራ፡ ድኹዒ ግለት (ጽማቝ ኒም፡ ቦካሺ) ጽማቝ ኣትክልትን ፍረታትን፡ ጕዋኖን (ካብ ቀልቀል ረጋቢትን መንካዕን ዝዳሎ) ክንጠቅስ ንኽእል።

**ኮምፖስት እንታይ'ዩ? ብምንታይከ ይዳሎ?**

ኮምፖስት ሓደ ካብ ባህርያዊ ድኹዒ'ዩ። ካብ ጥሉልን ንቑጽን ኣቍጽልቲ፡ ጻህያይ፡ ሳዕሪ፣ ቀሪም፡ ጕደፋ፡ ጕልጓል፡ ቀልቀል እንስሳታት (ከብቲ፡ ጤለ-በጊዕን መጽዓኛን ወዘተ) ብተወሳኺ'ውን ካብ ተረፍ ዝተጓሕፈ መግቢ፡ ዝሞተን ዝነቐጸን ዓሳ፡ ክምሽምሹ ዝኽእሉ ዘቤታዊ ጕሓፍን ብሓገዝ ደቀቕቲ ታህዋስያን (ስነ-ህይወታውያን)፡ ብሰብ ወይ ማሺነሪ ተሓጊዙ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ብተፈጥሮ ተበላሊዑ ቡናዊ ጽልም ዝበለ ሕብርን ሽታ ሓመድን ሒዙ ተመስሪሑ ዝዳሎ ብትሕዝቶ ሃብታም ባህርያዊ ሃብቲ እዩ።

**ኮምፖስትን ባህርያዊ ድኹዕን እንታይ'ዩ ፍልልዮም?**

ኮምፖስት ሓደ ክፋል ባህርያዊ ድኹዒ ኾይኑ፡ ክምስራሕ ዝተፈላለየ ደረጃታት ዝሓልፍ ምዃኑ'ዩ። ክብ ኢሉ ከምዝጠቐስክዎ፡ ካብ ኣኻውሕ ዝምንጭዉ ማዕድናት፡ ዓሳታት፡ ደምን ዓጽምን፡ ድኹዒ ገደና ካብቶም ብቐጥታ ምስ ሓመድ ዝሕወሱ ምዃኖም ክንዝንግዖ ዘይብልና'ዩ። ኮምፖስት ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ንተኽሊ ዝምግብ፣ ሓመድ እኹል ማይ ክዕቅብ ዘኽእል'ዩ። ኮምፖስት ትሕዝቶ ማዕድናት ናይትሮጅን፣ ፎስፈረስን ፖታስዮምን ኣሎዎ። ኮምፖስት፡ ትሕዝቶ ሓመድ ንምምሕያሽን ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ድማ ፍርያምነት ሓመድ ዘውሕስ ክኸውን እንከሎ፡ ውሑስን ሃብታም መኣዛ ዘሎዎን መግቢ ወይ ሕርሻዊ ፍርያት ክንረክብ የኽእለና።

**ኣብ ምድላው ኮምፖስት፡ ሓረስቶት ክጥቀምሉም ዘሎዎም ኣገባባት…?**

ሓረስቶት ኮምፖስ ንምድላው ክጥቀምሉም ዘለዎም ክልተ ኣገባባት፡

ሀ. ጥረ ነገራት፡

• ትሕዝቶ ካርቦን ዘሎዎም ሰለስተ ሲሶ ድሩቕ ቈጽለ-መጽሊ።

• ሓደ ሲሶ ናይትሮጂን ትሕዝቶ ዘሎዎም ጥሉላት ቆጽለ-መጽሊ፡ ንናይ ደርሆ ሓዊስካ ቀልቀል እንስሳታት ዘቤት።

• መቀላጠፊ (መባኹዕቲ) ታህዋስያን፡ ፈሳሲ ሽንቲ ከብቲ፡ ጽማቕ (ኣትክልትን ፍረታትን) ፈሳሲ ድኹዒ ዓሳን ጻህያይ ባሕርን…ምስ ማይ ብምውህሃድ ምትሕውዋሶም።

• መዕቀኒ ረስኒ ተርሞ-ሜተር።

• ማይን መትሓዚ ማይ ኣቕሓን (ፊስቶ…)

• ንመጋማጠሊ ዘገልግሉ ናውቲ (ባዴላ፡ መስኣ፡ ጕዞሞ፡ መሳርሒታትን ማሽነሪታትን)።

• መሸፈኒ (ቴንዳ፡ ጐማ፡ ቈጽለ-መጽሊን) ካልኦትን ብቐሊሉ ኣብ ከባቢና እንረኽቦም ነገራት።

ለ. ኣገባብ ምድላዉ

ኮምፖስት ቅድሚ ምድላውና፡ ብቐሊሉ ኣብ ከባቢና እንረኽቦም ጥረ-ነገራት (ጕሓፋት) ድሕሪ ምልላይ፡ ብኸምዚ ስዒቡ እንሪኦ ኣገባብ ኣብ ልዕሊ መሬት ከነዳልዎ ንኽእል።

• ኣብ መስርሕ ቦታ መዳለዊ ኮምፖስት ምልላይ ኣገዳሲ'ዩ። ዝተመርጸ ቦታ፡ ማይ ብቐሊሉ ክንረኽበሉን ጽላል ዘሎዎን እንተኾነ ይምረጽ።

• ብኣቀላጠፍቲ ታህዋስያን ዝተዳለወ ዘመደብናዮ መሬት፡ ብኣቀላጠፍቲ ታህዋስያን ዝተዳለወ ማይ ክሳብ ዝጥልቂ ንርብርበሉ።

• ጥሉል ቆጽለ-መጽሊ ወይ ሳዕሪ፡ በብ15 ሰ.ሜ ድሕሪ ንቑጽ ብግቡእ ይርስረስ። ብተወሳኺ፡ ቀልቀል እንስሳታት ብረቂቕ ቀጸላ (ካብ 2 ሰ.ሜ ክሳብ 5 ሰ.ሜ) ይብተን።

• ብመባኾዕቲ ዝተዳለወ ማይ፡ ኣቍጽልቲ ጠልቀዮም ማይ ንመሬት ክልሑኽ ክሳዕ ዝጅምር፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ቀጸላ ይርብረብ።

• ኣብ ግዜ ምርሰራስ፡ እኹል ኣየር ንኽዘዋወር ኣቍጽልቲ ክስገዱ የብሎምን። ብኸምዚ ኣገባብ፡ 2 ሜትሮ ንውሓትን 2 ሜትሮ ድማ ጕድኒ፡ ምስ እንደልዮ መጠን ክቀያየር ዝኽእል ኣብ ልዕሊ መሬት ዘድልየና ቁመት ኩምራ ኮምፖስት ከነዳሉ ንኽእል። ኣዳሊና ምስወዳእና ድማ፡ መኸደኒ (ቴንዳን ቈጽልን) ክንጥቀም የድልየና።

• ምግልባጥ ኮምፖስት፡ ጠሊ ማይ እናረኣኻ ረስኑ ክሳዕ ዝውዳእ፡ ሰሙናዊ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ፡ ካብ ታሕቲ ናብ ላዕሊ፡ ካብ ማእከል ድማ ንግዳም ምግልባጥ የድልዮ። እዚ ድሕሪ ምግባር፡ ማይ ምውሳኽ ንብቕዓት ትሕዝቶ ኮምፖስት ስለዘጕድል፡ መፋረዪ ዘይተደልዩ ሕማማት ክኸውን'ውን ስለዘኽእል፡ ማይ ዘይምጥቃም።

• ሙቐት ኮምፖስት ኣብ መጀመርያ ሰሙን ካብ 50 ክሳብ 65 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ክኸውን ኣለዎ።

• ብኸምዚ ኣገባብ ዝተመስርሐ ኮምፖስት፡ ኣብ 45 መዓልቲ መስርሑ ወዲኡ ንትግባረ ድሉው ይኸውን። ኣብዚ ክበርህ ዘለዎ፡ ኣብ ሰሙን እንተወሓደ ሓደ ግዜ ብምግልባጥ፡ ኣየር ከምዝረክብ ምግባር። ነቐጺ ምስእንዕዘብ ማይ ንቐርብ።



• ዝነቐጹ ኣቍጽልቲ፡ ቀሪም፡ ጕልጓል፡ ሓሰር፡ ሳዕሪ፡ ባኮ፡ ወረቓቕቲ ወዘተ ንቐርብ። ቀጺልና፡ መጀመሪ 30 ሰ.ሜ ቀጸላ ንሰርሕ። ኣየር ንምብልላዕ ሓጋዚ ስለዝኾነ፡ ንመስለኹ ኣየር እናገደፍና፡ ብቐሸም ወይ ዕንጸይቲ ንረብቦ። ቀጺልና ኮምፖስት ንምድላዉ ድማ፡ ተወሳኺ ማይ ምርብራብ የድሊ።

ኮምፖስት ኣብ ምድላዉ፡ ምዕቃን ረስኒ፡ ጠልን ኣየርን መሰረታዊ ነገር'ዩ። ዝዳለናዮ ኩምራ ኮምፖስት፡ ሕማቕ ጨና ምስ ዝገብር፡ ብዝሒ ማይ ከይህሉ ወይ ኣዝዩ ዝተሰገደ ከይከውን ምፍታሽ የድሊ። ነዚ ንምእራም ክንግልብጦ፡ ተወሳኺ ድሩቕ ነገር ክንውስኸሉን ውጽኢት እንስሳ ማለት ዝሞተ እንስሳ፡ ስጋ፡ ፎርማጆ፡ ስብሒ ከይህልዎን ምፍታሽ የድሊ። ናይ ምብልላዕ መስርሕ ምስ ዘይንርእየሉ ድማ፡ ነቐጺ ክህልዎ ስለዝኽእል፡ ኣብ ግዜ ምግልባጥ ማይ ምውሳኹ። ኮምፖስት እኹል ጠሊ እናሃለዎ ማእከሉ'ውን ምዉቕ እንከሎ፡ መስርሕ ምብልላዕ ምስ ዝዝሕል ግና፡ ዝዳለናዮ ኩምራ ንኢሱ ከይህሉ ከነዕብዮን ክንገላብጦ፣ ብኣንጻሩ እቲ ኩምራ ገዚፍ ምስ ዝኸውን ድማ፡ ትሕዝቶ ናይትሮጅን ዘሎዎም ጥሉላት ነገራት ሓዊስና ክንገላብጦ ኣለና።

**ምድላው ኮምፖስት፡ ብዓይኒ ንግዳዊ ዋኒን ከመይ ትርእዮ?**

ትካል ንግዲ፡ ድኹዒ ካብ መንበሪ ኣባይቲ፡ ትካላት ንግድን ሕርሻን ባህርያዊ ጕሓፍ ብምእካብ፡ ደረጃኡን ብቕዓቱን ዝሓለወ ኮምፖስት ብምድላዉ፡ ሸይጥካ ኣታዊ ክርከብ ዝግበር ወፍሪ'ዩ። ኮምፖስት ኣብ ኩለን ሃገራት ምንጪ ኣታዊ ኹይኑ ኣብ ብዙሕ ናይ ንግዲ ትካላት ይሸየጥ። ኮምፖስት ንምድላዉ ዘድልዩ ብቐሊሉን ብስማዊ ዋጋ ክንረኽቦም እንኽእል'ኳ እንተኾኑ፡ ተመስሪሖም ብመልክዕ ኮምፖስት ክሸየጡ እንከለዉ ግን፡ ዝለዓለ ኣታዊ ዘርክቦም'ዮም። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ጕሓፍ መስሪሕካ ብኽቡር ዋጋ ሸይጥካ ዘይተኣደነ መኽሰብ ከተኻዕብት ምኽኣል ማለት'ዩ። ስለዚ፡ ትካላት መፍረ ኮምፖስት፡ ንናይ ሕርሻ ትካላት፡ ሓረስቶት፡ መዘናግዒ ማእከላትን ምስ ሕርሻ ኣትክልቲ ዝተኣሳሰር ንግዳዊ ትካላትን ክሸጡ፡ ካብዚ ሓሊፎም ልዑል መኽሰብ ዘኻዕብትሉ ንሰደድ ዝዓለመ ከፍርዩ ይኽእሉ።

መኽሰብ ዝርከቦ ንግዲ ኮምፖስት ምምስራት ዝሕግዙ መገድታት፦

• በብዓቐኑ ዓሺግካ ንዝተፈላለያ ትካላት ምሻጥን ብችርቻሮ ምዝርጋሕን።

• ብጅምላ ንናይ ሕርሻ ትካላትን ማሕበራት ልምዓት ጀራዲን…ምቕራብ

• ንዓማዊል ዘየቋርጽ ኣገልግሎት ምሃብ

• ጕሓፍ መንበሪ ኣባይቲ፡ ንግዳውያን ትካላትን ብውሑድ ክፍሊት ብምእካብ፡ ኮምፖስት መስሪሕካ ዚያዳ እቶት ምርካብ ዘኽእል ድልዱል ስርዓት ምምስራት

• ትምህርታዊ ዓውደ መጽናዕቲ ምክያድ

• ደረጃ ብቕዓትን ጽሬትን እተፍርዮ ኮምፖስት ምርግጋጽን ጥቡቕ ዝምድና ምስ ዓማዊል ምህላዉን

• መጽናዕቲ ብምክያድ፡ ድሌታትን ጠለባትን ዕዳጋ ምርዳእ

• ፍቓድ ዋኒን ምርካብ ግቡእ ስርዓት ምክያድን

**ኣብ ምድላው ኮምፖስት፡ ዛጊት ኣብ ሃገርና ዝነጥፉ ትካላት ኣለዋዶ? እንተለዋ ብዛዕባኦን ዝተደኮናሉ ቦታታትን ከተብርሃልና?**

ኮምፖስት ኣፍርየን ንመሸጣ ዝቐርባ ብኽፍሊ ሕጋጋትን ቊጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተመዝገባ ክልተ ትካላት ኣለዋ። እዘን ትካላት እታ ሓንቲ ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ገሽናሽም፡ እታ ካልኣይቲ ድማ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣብ ሓልሓለን ይርከባ። እዘን ትካላት ኣብ ሓደ ወቕቲ ክሳዕ 3 ሽሕ ሜ³ ኮምፖስት ከፍርያ ይኽእላ። ምስ ዘለወን ኮምፖስት ናይ ምድላው ተመክሮ፡ ጠለብ ኮምፖስት ኣብ ከባቢኦን ዝርከቡ ሓረስቶትን ናይ ሕርሻ ትካላትን ከማልኣ ዝኽእላ'ኳ እንተኾና፡ ሰሪ ድሩት ኣፍልጦ ሕብረተ-ሰብናን ቀጻሊ ናይ ዕዳጋ ማእከልን ስለዘይብልና ግዳ፡ ከምቲ ዝድለ ክነጥፋሉ ክጽገማ ጸኒሐን ኣለዋ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን፡ ተጠቃምነት ባህርያዊ ድኹዒ ብመጠኑ እናዓበየ ይኸይድ ብምህላዉ፡ ዕዳጋ ክፍጠረለን ተስፋ ኣሎ።

**ውጽኢት ብቕዓት ፍርያት ኮምፖስት እዘን ዝጠቐስካየን ትካላት ዘረጋግጽ መን'ዩ?**

ውጽኢት ብቕዓት ፍርያት ኮምፖስት ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ክፍሊ ሕጋጋትን ቊጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ'ዩ። ብመምዘኒ ብቕዓት ሓሊፉ ክምስራሕ፡ ኣባላቱ ብምልኣኽ ይከታተሉ። መስርሑ ምስወደአ'ውን ቅምጦ ወሲዱ ኣብ ላቦራቶሪ ዘድሊ መርመራ የካይደሉ። ትሕዝቶኡ ብምርኣይ ከኣ ናይ ብቕዓት ምስክር ወረቐት ይህቦ።

**ኣብ መወዳእታ ኣብ ምድላው ኮምፖስት ኣመልኪትካ፡ ንሓረስቶት ተሕልፎ መልእኽቲ ወይ ምኽሪ እንተለካ?**

ዓይነቱ ብዘይገድስ መኣዝኡ ዝተዋሕሰ ምህርቲ ንምኽዕባት፡ ሓረስቶት ብቐረባ ዝረኽብዎም ጕሓፋት፡ ኮምፖስት መስሪሖም ክጥቀሙ፣ እዚ ምስ ዘይኽእሉ ኸኣ፡ ቀሪም ግራቶም ከም ዘለዎ ኣብ ቦታኡ ብምግዳፍ፡ ትሕዝቶ ፍርያምነት ሓመድ መሬት ሕርሻኦም ከመሓይሹ፣ ተወሳኺ፡ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተዳለወ መወከሲ ጽሑፍ ምርኩስ ዝገበረ፡ ጠለብ ድኹዒ ንምምላእ፡ ዝተፈላለዩ ባህርያውያን ድኹዒታት ከፍርዩን ኣገዳስነት ባህርያዊ ድኹዒ ኣብ ሕርሻ ብዝግባእ ክግንዘቡን ኣዘኻኽር።

*** የቐንየልና ኣቶ ደርማስ**

ዓንደም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/08371501- ቁ.ሳ.ፖ 1048 (ለይ-ኣውት- ፋጥማ እስማዒል/ ሶፍያ ፍቓዱ)

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ብ/ማሰል ወረ/ኻፍ ዘርእዝጊ ጉብረዝጊ ወረ/ኻፍሄራት ኣስመረት ሃብተማርያም፣ ሚካኤል ዘርእዝጊ ጉብረዝጊ፡ ኣብ ርእሲ እዚ ብፍ/በ/ዕዳ ሄርሞን ተወልደ ዘርእዝጊ 1.2 ልዋም ተወልደ ዘርእዝጊ 3. መኣዛ ዘርእዝጊ ጉብረዝጊ 4. ትርሓስ ዘርእዝጊ ጉብረዝጊ 5. ንኣምን ዘርእዝጊ ጉብረዝጊ፣ ንፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ተማስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘይለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ሶፍያ የማነ ወልደሚካኤል፡ ብዋል-ቤተይ ኣማኒኤል ጉብረስላሴ መተሓን ስለዝተሰወአ፡ ንዳይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/25 ኣብ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

የማነ ይስሓቅ ወልዱ፡ ኣዜና ሮማ ክፍለየሱስ መለስ ስለዝዋረረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲ ወልዳይ ግርማይ ሳሚኤል፡ ተኸሳሲ ተስፋይ ኣስመላሽ ተወልደመድህን፡ ናይ ምልቃቕ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን22/12/25 ኣብ 5ይ ምጋባእያ ይቕረብ። እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሰምሃር የሃንስ ስም ት/ዕድመ ጓሊይ ዳናዩ ዘኮርያስ ጉብረየሃንስ ምባል ተረፉ፡ ፊደና ዘኮርያስ ጉብረየውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ሮ ንግስቲ ኣምሓርም ግርማይ፡ ስመይ ኣብ መንገሪ ማስዋእቲ ብዋል ቤተይ፡ ማዳሾ ኣምሓርም ግርማይ ስለዝተመዝገበ ከምኡ ምባል ተረፉ፡ ንግስቲ ኣምሓርም ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ ወልደጉብርኤል ተወልደመድህን፡ ኣሕዋተይ ኣብረሀት ወልደጉብርኤል ተወልደመድህንን ኣለም ወልደጉብርኤል ተወልደመድህንን ስለዝዋረሩ፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለ ዘይብሎም፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣቶ ያቆብ ሃብተ ኣብርሃም (ወኪል)፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ባር ንግዳዊ ትካሎም "ባር ሃብተ ኣብርሃም" (BAR HABTE ABRHAM) ተባሂሉ ክጽየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 2 ምም/06 ቁ.ፓርቸላ 19 ዝርከብ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ. ምስክር ወረቐት 119835 መወከሲ ቁጽሪ 133611 ብስም ወ/ሮ ዝፋን ንጉስ ተላ፡ ናይ ዝተመዝገበ ኦሪጂናል ምስክር ዋንነት ገዛ (ሊብሬቶ) ስለዝጠፈኣ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝብል እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብቁጽሪ ቴሌፎን 07330556 ክሕብረና፣ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ዝፋን ንጉስ ተላ

---

ኣመልካቲት ቅድስቲ ርእሶም +2 ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ኣባሻውል ዝርከብ ገዛ ASP00020047 ASD00018408 ስፍሓት መሬት 86 ት/ሜ፡ ብዘሐ ክፍሊ ቀንዲ 3 ተሓጋጋዚ 1 ዘጠቓለለ ብሽምና ዝተመዝገበ ገዛ ስለ ዝሸጥናዮ'ሞ ናብ ዓደግቲ ክንመሓላልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳኔ ሐዚሎ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ይቕረብ።

ቅድስቲ ርእሶም

---

ኣቶ የሴፍ ተስፋልደት ጉብረማርያም፡ ዝተፈቕደሎም ናይ መሸጢ መጋዝኢ ኣቕሑት ስፉይ ክዳውንትን ንግዳዊ ትካሎም፡ "ቪታ ቡቲክ"(VITA BOUTIQUE) ተባሂሉ ክጽየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

---




---

ኣነ ዓጣ ያሲን ሰዒድ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ከባቢ ማይ ኣፍራስ ጎደና 113-1 ቁ.ገዛ 24 ዚፕ ኮድ 1A113 ፕሎት 7 ፓርሰል A1 መለለዩ ንብረት ASD00028188 ዝበረ መለለዩ ንብረት 35921/53872 ዝርከብ፡ ብመለለዩ ቁ.BRASM019632/0 ዕለት 23/9/2025 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ዕለት 28/11/2025 ወራሲቲ ዓብዱ መሓመድኑብርሃን መሓመድ ዝተመዝገበ ስለ ዝዓደግክዎ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምኮቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ተቓውሞ ሐዚኡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ክቐርብ እሕብር። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓለለፍ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ዓጣ ያሲን ሰዒድ

---

ኣቶ ሳሚኤል ብርሃ ጉብረትንሳኤ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ስነ ጽባቐ ጸጉሪ ርእስን መምሃሪ ስነ ጽባቐን ንግዳዊ ትካሎም፡ "ኤግል ስነ ጽባቐ ጸጉርን ቤት ትምህርቲ ስነ ጽባቐን " (EAGLE BEAUTY SALON & MAKE UP SCHOOL) ተባሂሉ ክስመየሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም ንምዝገቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጋላ ነፋሒ ዓዲ ጸሎት፡ ቁ.ገዛ – ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00007411፡ ናይ ዱኳን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ጺጋ ሰለሙን ተስፋዝጊ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና፡ ቃሓውታ ቁ.ገዛ 14 ብዕለት 19-11-2025 ቁ መዝ 263/2025 ብውህብቶ ስለዝሃብክዎ፡ ብስም ወዘብ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ተቐባሊ ወህብቶ ከምዝመሓለለፍ ኣፍልጥ።

ሳራ ጉብረእግዚኣብሄር ሰበሁቱ

---

ኣነ ኣመልካቲት፡ ኑቲ ኣብ ኣስመራ ዞባ 6 ምም/05 ቁ.ገዛ 3 ብምዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ብቁ.ምስክር ወረቐት 119356 መወከሲ ቁ. 127042 ብስም ወረ/ካ/ሄር ኣዞማች ጎይትኦም ተስፋልደት ደብሳይ ዝተመዝገበ፡ ናብ ስመይ ጺጋይ ተስፋዝጊ ጎይትኦም ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸትሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሐዚኡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ጺጋይ ተስፋዝጊ ጎይትኦም

---

ኣቶ ሙሉጌታ ተኽለም ሃብተዝጊ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካሎም፡ "ድልየት ቤት ትምህርቲ መኪና" (DLIET DRIVING SCHOOL) ተባሂሉ ክጽየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ምም/ከተማ ከረን ምም/ከባቢ 01 ጎደና 107.1/107.2 ስፍሓት 222.75ት/ሜ ቀንዲ ክፍሊ 3 ተሓጋጋዚ ክፍሊ 3 ዝተደኮና፡ ፕሎት 9B ብቑ. ንብረት 6BRKRN0000689/0 ብስም ዓብደረዛቕ መሓመድ ሳልሕ ኢብራሂም ዝተመዝገበ ስለ ዝዓደግዎ'ሞ ናብ ስመይ ከሰጋግር ስለ ዘኸኽኩ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ውይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኹኑ ውሳኔ ሐዚኡ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራል ዞባ ዓንሰባ ከተማ ከረን ይቕረብ፡ እንተዘይ ቀሪቡ፡ ብዘለኒ ሰነድ ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ማሕሙድ ያሲን መሓመድኑር

# ምልኽታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**AMSC Business Executive Assistant & Document Controller**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- To control, record, review, update and store documentation relating to Asmara Mining Share Company (AMSC), in accordance with AMSC policy, legal requirements and government legislation regarding the control, recording and storage of documents.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

**Administrative Assistance**

- Act as administrative assistant to the General Manager
- Coordinate and manage the daily and weekly approvals
- Scheduling appointments and maintaining calendars
- Collecting and distributing mail
- Preparing communications such as memos, emails, invoices or reports
- Writing and editing letters, reports and instructional documents
- Creating and maintaining electronic and physical filing systems
- Creating and maintaining electronic and physical filing systems

**Document Control**

- Maintain structured and systematic document control processes that provide easy reference to documents that are accurate and of high quality
- Assist in supporting internal and external audits, coordinating activities and ensuring timely response to documentation requests for auditors in order to implement systems of control
- Convert hard-copy work documents such as checklists, permits, log sheets and other supporting documentation into existing electronic systems
- Organize and maintain documents, adhering to the company document lifecycle procedures and archive inactive records in accordance with the records retention schedule
- Review and update all incoming documents regularly
- As a sentry, liaise and coordinate with all departments for document control of all company documents / updates to maintain active versioning / revision index of documents
- Inform document owners of pending document review and approval requirements and assist in facilitating the review and approval process
- Conduct comprehensive document audits to ensure conformance to established procedures and maintain quality records, per applicable SOPs / STPs
- Oversee the efficient running of the Document Control Center database
- Pull required documentation from the database and distribute it to the relevant document owner for review and / or approval

**Reporting and Filing**

- Provide reports on the health of the system and documents contained within it
- Track pending documents through weekly, monthly, quarterly and yearly progress reports and notify the document owner for taking appropriate action on the pending documents
- Receive all company documents into a database, create the relevant report and file into the appropriate system, facilitate an audit of the system and provide timely feedback
- Manage both physical and electronic archives for specified duration, depending on content

**Health, Safety and Environment**

- Maintain high health, safety and environmental awareness
- Monitor own and peers' adherence to health and safety measures, protocols, and standards
- Become familiar with and strictly adhere to AMSC's Health, Safety and Environmental standards. Act as a role model in complying with and supporting these standards and practices
- Oversee that security procedures are followed to minimize the opportunities for theft of documentation material.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Higher National BA degree in secretarial Science, Diploma in Administration, Document Control or related field |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum of 5 – 7 years' experience in any executive secretarial job and document control environment, preferably in an NGO office.<br>• Additional Experience:<br>• Essential knowledge of administrative, secretarial and document control systems and electronic data management<br>• Knowledge of administration and communication processes, procedures and systems<br>• Working knowledge of open cut and underground mining |
| Technical Skills | • Strong system administration skills<br>• Strong typing and document detail capture skills<br>• Strong information monitoring and management skills<br>• Intermediate communication (written and verbal) and interpersonal skills<br>• Intermediate computer literacy skills - MS Office (Word, Excel, PowerPoint and Outlook)<br>• Sound planning, organizing and prioritizing skills |

Continued on page 8

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Continued from page 7

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**AMSC Business Executive Assistant & Document Controller**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Indefinite**

| | |
|---|---|
| Behavioral Skills | • Accuracy<br>• Approachable<br>• Confidentiality<br>• Dedicated<br>• Detail focused<br>• Diligent<br>• Diplomacy<br>• multi-tasking<br>• Pro-Active<br>• Reliable<br>• Self-Starter<br>• Team player<br>• Transparent<br>• Well organized<br>• Results Driven<br>• Decision-making skills to work autonomously and manage specific tasks |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As Per company scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered a3s potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## NOTICE

The notice hereby given to the public that **DAHLAK TOURING AGENCY PLCo.** on its extra ordinary general meeting held on 17th November 2025 resolved that **ATO YEMANE ESTIFANOS BEYIN** holder of 3600 shares of Nakfa 600.00 each**, WE/RO AZIEB GHIRMAZION** holder of 2400 shares of Nakfa 600.00 each, and **W/ro SEMIRA YEMANE ESTIFANOS** holder of 200 shares of Nakfa 600.00 each, have sold all their total 6200 shares to **ATO SELEMON MENGSTEAB MISGNA** and **WE/RO YORDANOS TEWELDBRHAN YOHANNES**.

**ATO SELEMON MENGSTEAB MISGNA** is appointed Manager of the Company for indefinite period with all the powers given to him by the law and Article of association of the company.

**DAHLAK TOURING AGENCY PLCo.**

## ምስጋና





ብዕረፍቲ ኣዚና ነፍቅሮም ክቡራት ወለድና ኣቶ በርሀ ሃብተሚካኤል ዘገርግሽን መም/ እዝግሃርያ ፍቓዱ ወልደሚካኤልን ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ዕረፍቶም ዘቃበርኩምናን ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጢ ሃገርን ወጻእን ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን እናኣመስገንና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና፡ ሓዘንና እናዓጸና፡ ልባዊ ምስጋናና ነቕርብ።

ደቆም 1.ሰመረ በርሀ ሃብተሚካኤል
2.ቢንያም በርሀ ሃብተሚካኤል
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ኣቶ የውሃንስ ዘርኣማርያም ሓጎስ ዝተፈቕደሎም ናይ ኤለትሮኒክስ ንግዳዊ ትካሎም፡ "ኣሚን ኤለትሮኒክስ" (AMIEN ELECTRONICS) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቀድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ወሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጋሻ ነፋሒ ሳምባ ቁጽሪ – ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00038152፡ ናይ ቤት መስተ ትካሊዩ፡ ንኣቶ ኣቤል የውሃንስ ታደየሱ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ዝባ ጎዳይፍ ጎደና 716-2 ቁጽሪ 26 ብዕለት 23-04-2024 ቁ.መዝ 98/2024 ብውህቡቶ ስለዝተዋሃበኩም፡ ብስም ወሃቢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሉኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ተቐባሊ ውህቡቶ ከም ዝመሓላለፍ ኣፍልጥ።

ሚሮን የውሃንስ ታደየሰ



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# እቲ መርማሪ ቈልዓ

## መበል 22 ክፋል

"እወ ንሱ እዩ። ሓደ ሓሙሽተ ደቒቕ ክረኽቦ ደልየ ነይረ። ዝከኣል እንተ ኾይኑ ክረኽቦ ዕድል ክትህበኒ፣" ሳይሞን፣ ኮቲ ብደሮና ሕብሩ እንታይ ምዃኑ ዘይፍለጥ ክዳውንቲ ናይ'ቲ ኣኪያዲ ሰራሕ እናረኣየ ብምግራም ተዛረበ።

"ናይ ደሓን ዲኻ? ገለ ዘጓነፈ ሕማቕ ነገር ኣሎ ድዩ?" እቲ ኣኪያዲ ሰራሕ ኣብ ሰድራ ሰመረ ገለ ሕማቕ ኣጋጢሙ ከይከውን ብስክፍታ ሓተቶ።

"ኖ...ኖ... ዘጓነፈ ሕማቕ ነገር የለን። ሰመረ ንኣይ ዓርከይ እዩ። ኣብ ሰራሕ መጺአ ክርእዮ ቃል ስለ ዝኣተኹ እየ መጺአ፣"

ኣኪያዲ ሰራሕ ክርትም ኢሉ ሰሓቐ። ሰሓቑ እናተቛጻጸረ፣

"ንኣኻ ዓርክኻ እዩ። እዚ ከመይ ኢሉ ይኸውን? ንስኻ ንእሽቶ ቈልዓ ኢኻ፣" ብምባል ተዛረቦ።

## ዛንታ

"ብዙሓት ዓበይቲ 'ዕድመ ቍጽሪ እዩ' ክብሉ ሰሚዐ ኣለኹ። ስለዚ፣ ኣነን ንስኻን ብኣተሓሳስባ ክንረዳዳእ እንተ ኺኢልና ዕድመ ብኸመይ ይዓግተና። ከምዚ ንስኻ ምስ ሓደ ሽማግለ ዘለካ ዕርክነት ማለት እዩ። ሰመረ ንኣይ ብሸውዓተ ዓመት እዩ ዝዓብየኒ። ስለዚ፣ ኣዕሩኽ ምዃንና እንታይ ጸገም ኣለዎ፣" ሳይሞን ክምስ በለ።

"ሕጂ ተረዲኡኒ ምስ ሓደ ወዲ 70 ዓመት ሽማግለ ኣዕልል ከምዝለኹ። ስለዚ፣ ንሰመረ ክሰደልካ እየ። ንዓርክኻ ኩተዘራርቦ ዓሰርተ ደቒቕ ሂበካ ኣለኹ፣" ክምስ እናበለ ናብቲ ጡብ ዝሰርሓሉ ቀንዲ ፋብሪካ ገጹ ሰጐመ።

"የቐንየለይ! ሓሙሽተ ደቒቕ ይኣኽለኒ እዩ። ሰመረ'ኸ ኣብ ሰራሕ ንፉዕ ድዩ?" ሳይሞን፣ ብዛዕባ መንፍዓት ሰመረ ክፈልጥ ደለየ።

"ኣዝዩ ንፉዕ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ጥዑም ጠባይ ኣሎዎ። ምስ ኩሉም መሳርሕቱ ብፍቕሪ እዩ ዝመላለስ፣" እናተዛረበ መገዱ ቀጸለ።

እቲ ኣኪያዲ ሰራሕ፣ ናብቲ ሰራሕተኛታት ዝሰርሑሉ ብምኻድ ንሰመረ ሱብ ከምዝደልዮ ሓቢሩ፣ ዓሰርተ ደቒቕ ከዘራርቦ ፍቓድ ሃቦ።

ሰመረ፣ መን ከምጻውዖ እናሓሰበ፣ ኢዱ ንሓድሕደን እናነገፈ ናብ ሳይሞን ቀረበ። ኩሉ ኑብሱ ብሓመድ መርኣዪ ኣይነበሮን። ካብ ሓመድ ተፋሒሩ ዝወጽአ እዩ ዝመስል።

"ዓርከ እንቋዕ ደሓን መጻእካ?" ሰመረ፣ ምስ ድሙቕ ፍሽኽታኡ ኣብ ቅድሚ ሳይሞን ቆመ።

"እንቋዕ ደሓን ጸናሕካ፣" ሳይሞን ሰሓቐ።

"እንታይ ደኣልካ መሲልካ?" ካብ ጸጕሪ ርእሱ ክሳብ እግሩ ፈተሾ። ብዘይካ ሓመድ ካልእ ሕብሪ ክርኢ ኣይከኣለን። ገጹ ከይተረፈ ብሓመድ ተሸፊኑ ነበረ።

"ኣብ ሰራሕ እኳ'የ ዘለኹ። ከምዚ እትርእዮ ዘለኻ ምስ ሓመድ ኢና ክንቃለስ ንውዕል ዘለና። ሰራሕ ክብረት እዩ ሳይሞን ዓርከይ፣ ኣብዚን ዝሰራሕኩለን መዓልታት ሰራሕ ክብረት ምዃኑ ዝያዳ ተረዲኡኒ፣" ኮቲ ከባቢ ብዓይኑ እናፈተሸ ተዛረበ። ኣብቲ ዝከበሩዎ ከባቢ ኣግራብ፣ ጡብ ከምኡ'ውን ናይቲ ጡብ ዝጥብሱሉ ትኪ ረኣየ። ሕማቕ ሽታ እውን ሸተቶ።

"ሰራሕ'ሞ ከመይ ኣሎ? ፈቲኻዮዶ?" ሳይሞን ኮቲ ከባቢ እናተዓዘበ ተዛረበ እቲ ከባቢ ፍሉይ ኮይኑ ተሰመዖ። ክርድኦ ዘይከኣለ ሽታ ድማ ይሸትት ነበረ።

"ሰራሕ ቤላ ኣሎ። ኣዝየ ድማ ፈትየዮ። እዚ ኣብ ህይወተይ ሓሲበዮ ዘይፈልጥ እዩ። ሕጂ ከም ሰብ ክሓስብ ጀሚረ። ንቘጻሕ በጃኻ ኣማስዮኸለይ። ሕጂ ርኢኻኒ ኣለኻ፣ ናብ ሰራሕ ክምለስ፣ ታህለት እንተ መጺአ 'ሰኣሊ' እትብል ዘረባ ምስኣ ኣላ። ስለዚ ንሰኣል፣" ሰመረ ካርካር ኢሉ ሰሓቐ።

ይቕጽል...

## መልሲ ውድድር ተርሙማ

ሀ. ሕቶታት ባህሊ
1. ብኾራ
2. ቀራቕሮ
3. ዕጉማመት
4. ጠጠም
5. ጽግኢ

ለ. ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ
1. መጋቢት 1870 ዓም
2. ከረን
3. 6 ለካቲት 1889 ዓም
4. 11 ሓምለ 1930 ዓም
5. 15-20 ለካቲት 1982 ዓም

ሐ. ግድል፤



መ. ሓፈሻዊ ሕቶታት
1. መጋቢት 2024 ዓም
2. ናዲን ጎርዲመን 1991 ስነ ጽሑፍ ኖቨል (ጻዕዳ)፡ ከምኡውን ጸላም ኣፍሪቃዊት ዋንጋሪ ሙታ ማታይ፡ ናይ ሰላም ኖቨል 2004 ዓም
3. 4
4. ሓቂ
5. ፓሪስ ብፈረስ ዝጉተታ

## ዕዉታት ውድድር ተርሙማ

| ተ.ቁ. | ምሉእ ስም ዕዉት ተመሃራይ | ደ.ት | ዞባ |
|---|---|---|---|
| 1 | ኤሚልያ ዮናታን | 3 | ማእከል |
| 2 | ሃና በረኸት | 3 | ማእከል |
| 3 | ለውሃት ምስጉን | 3 | ዓንሰባ |
| 4 | በርቴሌሞስ ዮናታን | 4 | ማእከል |
| 5 | ኤሊም ሃይለ | 4 | ማእከል |
| 6 | ኬብሮን ገብረመስቀል | 4 | ማእከል |
| 7 | ሶፍያ ዮናታን | 5 | ማእከል |
| 8 | እሰይ ኤርምያስ | 5 | ማእከል |
| 9 | ኮኾብ በረኸት | 5 | ማእከል |
| 10 | ብሩኽ ምስጉን | 5 | ዓንሰባ |
| 11 | ሓልዮት ሰዩም ተኽለ | 6 | ማእከል |
| 12 | ብሩኽ ተኪኤ | 6 | ማእከል |
| 13 | ያፌት ዑቕባይ | 6 | ማእከል |
| 14 | ያፌት ኤርምያስ | 6 | ማእከል |
| 15 | ዮናታን ገብረመስቀል ወልዳይ | 6 | ማእከል |
| 16 | ዮኣብ ዮናስ | 6 | ማእከል |
| 17 | ብርሃን በረኸት | 6 | ማእከል |
| 18 | ናይኤል ሄኖክ | 6 | ማእከል |
| 19 | ዓላእ ዑመር | 6 | ዓንሰባ |
| 20 | ኤልያብ ጊላሚካኤል | 6 | ጋሽ ባርካ |
| 21 | ሆሴእ ኤፍሬም | 7 | ማእከል |
| 22 | ናታን ብርሃን ጉይትኦም | 7 | ማእከል |
| 23 | ጳውሎስ ዮሴፍ | 8 | ማእከል |
| 24 | ሜላብ ኣርዓዶም | 8 | ማእከል |
| 25 | ሃለሉያ ሰዩም | 8 | ማእከል |
| 26 | ቤትኤል ዑቕባይ | 8 | ማእከል |
| 27 | ሚካኤል ሄኖክ | 8 | ማእከል |
| 28 | ሴም ኤርምያስ | 8 | ማእከል |
| 29 | ሰማርያ ዮናስ | 8 | ማእከል |
| 30 | ሉልያ ጽጋብ | 8 | ዓንሰባ |
| 31 | ኤፍሬም መብራህቱ | 9 | ማእከል |
| 32 | መጅድ ዮሱፍ | 10 | ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ |
| 33 | መርዋ ዮሱፍ | 11 | ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ |
| 34 | ሲዶና ደበሳይ | 11 | ደቡብ |

# ዕዉታት፡ መበል 16 'ውድድር ተርሙማ' ተሸሊሞም!



ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ተርሙማ፡ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ መበል 16 ውድድር ተርሙማ ኣኪይድና ምንባርና ዝዝከር እዩ። ዕዉታት መበል 16 ውድድር ብዕለት 7-12-2025 ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ዝተዳለወሎም ሰርቲፍኬት ንምቕባል ጽንበል ተኻይዱ።

መደብ ከምቲ ልሙድ ብዝክረ ሰማእታት ተጀሚሩ። ድሕሪ ዝክረ ሰማእታት ኣዳላዊ ዓምዲ ተርሙማ፡ ያቆብ መርሃዊ (ጃክ) መድረኽ ተረኪቡ፡ ንተዓወትቲ ተመሃሮን ወለድን እንቋዕ ኣሓጐሰኩም ብምባል፡ "... ኣብ መበል 16 ውድድር ተርሙማ ንኡድ ዝኾነ ውጽኢት ዝተመዝገበሉ ውድድር እዩ ነይሩ። 34 ተመሃሮ ምሉእ ነጥቢ ኣምጺኦም። እዚ ድማ ውድድር ተርሙማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ይኸይድ ብህላወ የርእየና።...ኣብ መበል 16 ውድድር 164 ተወዳደርቲ፡ ካብ ሓምሽተ ዞባታት ነይሮም። ካብቲ ዝተዋህበ ሕቶታት ባህሊ 100%፡ ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ 88.2%፡ ግድል 85.4%፡ ሓፈሻዊ ሕቶታት 83.4% ብጠቕላላ ድማ 89.2% ልክዕ መልሲ ተመሊሱ። ዝበዝሐ ጌጋ ዝተረኽቦ ሓፈሻዊ ሕቶታት ነይሩ። ኣብ ሕቶታት ባህሊ ኾኣ ዝበለጸ ውጽኢት ተመዝጊቡ።

"…. ተወዳደርቲ ካብ ሓምሽተ ዞባታት ኮይኖም፡ ካብ ደ.ቀ.ባሕሪ ተወዳደርቲ ኣይነበሩን። ተዓወትቲ ካብ ሓምሽተ ዞባታት እዮም። ...ከም ወትሩ ዕላማ ውድድር ተርሙማ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ናይ ምውድዳር መንፈስ ምሕዳርን ናይ ንባብ ዝንባለ ንምዕባይን ስለ ዝኾነ 34 ዕዉታት ክሸለሙ እዮም። ኣብ ናይ ሎሚ ምዕዳል ሸልማት ካብ ዞባ ጋሽ ባርካ ኩተማ ተሰነይን ዞባ ሰ.ቀ.ባሕሪ ኩተማ ጊንዳዕን ሸልማት ንምውሳድ ዝመጽኡ ክልተ ዕዉታት ተመሃሮ ዝመጽኡ ኣለዉ። ብስም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ድማ ልዑል ምስጋና ይብጽሓዮም። ውድድር ዕዉት ንክኸውን ዝሰርሑ ኩሎም ስለቲ ዝገበርዎ ኣበርክቶ ብልቢ ነመስግን!" ብምባል መደርኡ ዛዚሙ።

ድሕሪ ኣዳላዊ ዓምዲ፡ ካብ ኩተማ ኣስመራ ዝመጽአ ኣቦ ሰለስተ ዕዉታት፡ ኣቶ ኤርምያስ ጸጋይ መድረኽ ተረኪቡ።

ኣቶ ኤርምያስ ጸጋይ፡ "...መጀመርታ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ንኣንበብቲ ንምምሃርን ጽልዋ ንምሕዳርን ንእትገብሮ ዘላ ጻዕሪ ብልቢ ኣመስግን። ኣብ መበል 16 ውድድር ሰለስተ ደቀይ ተዓዊቶም ኣለዉ። እዚ ዓወት እዚ ኾኣ ንምልእቲ ሰድራና ዘሐጐሰና ዓወት እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ደቅና መጽሓፍቲ ንኽንፍትሹን ምስ ካልኦት ንኽመያየጡን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ...ውድድር ተርሙማ ኣብ ኣፍልጦና ይኹን ኣተሓሳስባና ዓቢ ጽልዋ ትገብር ኣላ። ነዚ ሕቶታት ክንምልስ ንብዙሓት ቤተ ሰብ፡ ብዙሓት መጽሓፍቲ ፈቲሽና። ንእግረ መገድና ብዙሕ ፈሊጥና። ንኣባላት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ንእትገብርዎ ዘለኹም ጻዕሪ ኣድንቕ። ቀጽልዎ ንሕና ድማ ተሳትፎና ክንቅጽል ኢና....የቐንየልና!" ብምባል ሓሳቡ ብሓጐስ ኣካፊሉ።



ኤልያብ ጊላሚካኤል

ድሕሪ ኣቶ ኤርምያስ ጸጋይ - መድረኽ ዝተረከበ፡ ዕዉት ተመሃራይ ኤልያብ ጊላሚካኤል፡ ካብ ዞባ ዓንሰባ ኩተማ ተሰነይ ዝመጽአ እዩ።

ተመሃራይ ኤልያብ ምስ ኑብሱ ድሕሪ ምልላይ፡ "...መጀመርታ የቐንየለይ! ቀጺለ ኣብ ውድድር ተርሙማ ምዕዋተይ ኣዝየ ተሓጒሰ ኣለኹ። ውድድር ተርሙማ ኣዝዩ ጽቡቕ ነይሩ። ኣብዚ ጽንበል ክሳተፍ ካብ ኩተማ ተሰነይ መጺአ። ንሕቶታት ውድድር ተርሙማ ምስ ሰድራ ኴንና ኢና ሰሪሕናዮ። ተዓዊትካ ምስ ተበሃልኩ ኣዝየ ተሓጒሰ። ኣብዚ ጽንበል ንኽሳተፍ ድማ ካብ ተሰነይ መጺአ። ኣብ ዝቕጽል ኾኣ ካብዚ ብዝለዓለ ክቕጽል እየ። ብዙሕ ትምህርቲ ንረኽብ ስለዘለና ቀጽልዎ፣" ብምባል ሓጐሱ ገሊጹ።

ብድሕሪ እዚ ምዕዳል ሸልማት ሰዒቡ። ናይ መበል 16 ውድድር ናይ ክብሪ ዕድምቲ፡ መንእሰይ ደራሲት ክልተ መጻሕፍቲ ፈራሓ ኣሕመድ እያ። ፈራሓ ኣሕመድ፡ 'ደሴት ቍጽርታት1'፡ 'ደሴት ቍጽርታት 2' ዝብላ ክልተ ናይ ቈልዑ መጽሓፍቲ ዝደረሰት እያ። ንዕዉታት ተመሃሮ ተሳትፎኦም ብምድናቕ ከምዚ ዓይነት ውድድር ንተመሃሮ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ክቕጽል ብምልባው፡ ንተመሃሮ ኣብ ኣብ ንባብ ክገብርዎ ዘለዎም ሰፊሕ መግለጺ ሂባ፡

"…. ሓንቲ መጽሓፍ ህይወት ሰብ ክትቀይር ትኽእል እያ። ብሓፈሻ ንባብ ንመጻኢ ህይወትኩም ሰንቂ ስለ ዝኾነ ካብ ሕጂ ኣትሒዝኩም መጻሕፍቲ ምንባብ እንተ ጀሚርኩም መጻኢ ህይወትኩም ብሩህ ከም ዝኸውን ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣነ ንባዕለይ ናይዚ ኣብነት እየ። ሳላ ተመሃሪት ከለኹ ንባብ ዝጀመርኩ ኣብዚ ግዜ እዚ ጸሓፊት ንክኸውን ሓጊዙኒ ኣሎ። ስለዚ ወትሩ ኣንብቡ። ...እዚ ዓወት እዚ ናይ ጻዕርኹም ውጽኢት እዩ። ነዞን ሕቶታት ንምምላስ መጻሕፍቲ ኣንቢብኩም ምስ ሰባት ተዘራሪብኩም ኣለኹም። እዚ ድማ ኣብ መጻኢ ህይወትኩም ክጠቕመኩም እዩ። ስለዚ፡ ናይ መጻእቲ መራሕቲ፡ ደረስቲ ንስኻትኩም ስለ ዝኾንኩም፡ ነዚ ጀሚርኩሞ ዘለኹም ናይ ንባብ ተበግሶ ቀጽልዎ። ዘንበበ ስለ ዘዕንበበ፡ ንስኻትኩም ድማ ከም እትዕንበቡ ርግጸኛ እየ፡" ብምባል ንዕዉታት ተመሃሮን ንትሳተፍቲ ወለድን ብዛዕባ ንባብን ጥቕሙን ምዕዶኣ ለጊሳ።



ኣቶ ኤርምያስ ጸጋይ ምስ ደቁ

ኣብ መወዳእታ፡ ዕዉታት ዝተዳለወሎም ምስክር ወረቐት፡ ካብ መንእሰይ ደራሲት ፈራሓ ኣሕመድ ተቐቢሎም።

ድሕሪ ምዕዳል ሸልማት ድማ መደብ ብሃገራዊ መዝሙርን ናይ ሰእሊ መደብን ብደስ ዙበል ሃዋህው ተዛዚሙ።

ኣዳላዊ ዓምድን ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራን፡ ንማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ ከም ወትሩ ነመስግን!

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## “ካብ ኣለም በቃኝ ከፍትሖም፡ ነቲ ሓላፊ ‘ሕራይ’ ኣቢለዮ ነይረ” ጓል ሻምበል

2ይ ክፋል

**እዞም ዝጠቐስክዮም ዓበይቲ ሰብ ሞያ ጥዕና መን’ዩ ዘፈሰርምን ዘረሸኖምን ነይሩ?**

ደርጊ ዓሰቡ ዘዋፈሮም ኤርትራውያን ሃሱሳት ስለ ዝነበሩ፡ ንኣቶም እዮም ምሳና እናሰርሑ ዝሕበሉልና ነይሮም። ንኣብነት፡ ኣብ ስራሕና (መካነ ሂወት ሆስፒታል)፡ ንዓና ተመሳሲሎም ክሰልዩና ዝውዕሉ ሃሱሳት ነይሮም። እዚኣቶም፡ ናይ ከላትና ታሪኽ ህይወትና ስለ ዝፈልጡ፡ መን’ዩ ምስ ሰውራ ዝተሓባበር ዘሎ፡ መን’ያ ሰብኣያ ተጋዳላይ፡ መን ምስ መን ትራኽብ ኣላ - ዝርዝራዊ ሓበሬታ ንጸላኢ እናሃቡ ምሕር የሸግሩና ነይሮም። ብዘይካ’ዚኣቶም፡ ‘ለወጢ ሃዋርያ’ ብዝብል ስም ዝፍለጡ ካልኦት’ውን ነይሮም። እቲ ሓደ ሻለቃ ሳርፔሳ፡ እቲ ካልኣይ ሻምበል ተሰፋይ፡ እቲ ሳልሳይ ከኣ ኣስራ ኣለቃ ደመላሽ ይበሃሉ። እዚኣቶም ቀንዲ ስርሖም፡ ኑቶም ምስ ተጋደልቲ ምትእስሳር ዝነበረና ሰራሕተኛታት እናተጻናጸኑ ምእሳርን ንረሸኑቲ ኣሕሊፎም ምሃብን እዩ ነይሩ። ብፍላይ ሻምበል ተሰፋይ “ኣሰቢዞ ከምጽኣልክን ገዝበ ሃብ” እናበለ ንኸንደደይ ሰብ’ዩ ብጹሓይ ቀትሪ ዝምጀርጥ ነይሩ። “ኩንታል ጣፍ ከምጽኣልኪ ገዝበ ሃቢ” እንተ ኢሉካ፡ “ዋጋ ኩንታል ጣፍ ገዝበ ሃቢ እሞ፡ ሽዑ ኣይክጸብኣክን እዩ” እዩ ዝበሎካ ዘሎ ማለት’ዩ። እምበር ጣፍ ከምጽኣልካ ኢሉ ኣይኮነን ገዝበ ዝወስድ። ብዙሕ ሰብ ከኣ ካብ መዓቱ ክድሕን ኢሉ ዝተኣዘዞ ሕራይ ኢሉ የማልኣሉ ነይሩ።

**ንስኺ ንበልኺ ሽዑ ምስ ተጋደልቲ ርክብ ነይሩኪ ማለት ድዩ?**

እወ፡ ካብ 1976 ኣትሒዘ ኣባል ሓፋሽ ውድባት ስለ ዝነበርኩ፡ እቲ ውድብ ካብና ንዝጠልቦ ዕማማት ኣብ ምፍጻም ከም ሰበይ ብዝወፋይነት እዋሳእ ነይረ። በዚ መሰረት፡ ካብቲ ሆስፒታል መድሃኒታት (ፕንሲሊን፡ ስትረፕቶማይሲን፡ ተራማይሲን፡ ቪታሚናት፡ ኢንፍዩዥን ወዘተ.)፡ ከምኡ ድማ ካልእ ዝተፈላለየ መሳርሒታት ሓቢእና እናውጻእና ናብ ሜዳ ንልእኽ ነይርና። ሓደ ካብኡ፡ መንዲል ንጽህና (ሞዴስ) እዩ። ኣብቲ እዋን፡ ኣብ ሜዳ ሞዴስ እተፍሪ ማሽን ስለ ዘይነበረት፡ ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ ምሕር’የን ዝጸገማ ነይረን። ዝ ጸገምትዚ ንምቕላል ከኣ፡ ንሕና እተን ኣባላት ሓፋሽ ውድባት ዝኾንና ሰራሕተኛታት፡ ‘ናይ ኣደታትና መጺኡና’ ኢልና ካብ’ተን ነርሳት ናይ እንዳ ሓራሳት ሞዴስ ብብዝሒ ነውጽእን ተጠዊና ኑቶም ዝምልከቶም ተጋደልቲ ነቕብሎምን ነይርና። ብፍላይ ምንያ ጽጋይ ትብሃል ነይራትና ዶክተር (ብዓልቲ ቤቱ ን ኣዲ ጉብረ)፡ ንባላ ውድብቲ ስለ ዝነበረት፡ ክንልምን ከለና፡ ናፍሲ ወሰፍና 50 ሓብ ሞዴስ ከም እንወሃብ ገይራ ወረቐት ትጽሕፈልና ነይራ። ኣብ ርእሲ’ዚ፡ ምስ’ተን ብደገ ዝነበራ ኣባላትና ብጉልቡብ ‘ዕቁብ’ ኣብ ገዛ ንእከበ’ሞ፡ ባዕልና ሞዴስ እናሰራሕና ኑቶም ተጋደልቲ ነረክቦም ነይርና። ብ ፈያት ሰዩ ቸንቶ መኪናኣ ገይራ ገዛ ገዛ እናኸደት ተኸፈላ ተሕርስ ዝነበረት ማማ ስላስ ቺና ትብሃል ተባዕ ኣደ፡ ናብ እንዳ ባራቶለ እናተመላለሰት እያ ፍርናሽ ዓዲጋ ተምጽኣልና ነይራ። ንሕና ከኣ ኣብ ገዝኣ ኮይንና ነቲ ፍርናሽ እናቖደድና፡ ነቲ ጡጥ ኣብ ቲቶ (ዓይነት ኣቡጀዲድ እዩ) ኣእቲና ብምቕጻር ሞዴስ ንሰርሖ ነይርና። ጨዓይ ዝብሃል ነይሩ - ንሱ’ዩ ዘዘሰራሕናዮ ሞዴስ ተቐቢሉ ናብ ሜዳ ዝልእኮ ነይሩ። ድሓር ግን ኣብ ኤውሮጳ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ሞዴስ እትሰርሕ ማሽን ልኢኾም ኣብ ሜዳ ከም እትትከል ምስ ገበሩ፡ ንሕና ኣዕሪፍና።

**ብኸመይ ኢኺ ኣባል ሓፋሽ ውድባት ኮይንኪ?**

ኣብ ስራሕና፡ ሰስተር ኣበባ ትብሃል መሳርሕትና ነይራ። ንዶክተር ሰመረ ፍረ ዓርኩ ስለ ዝኾነት፡ ምስኡ’ያ ኣብ ኢ.ፒ.ዲ ትሰርሕ ነይራ። ሕጂ ሓደ መዓልቲ ምስኣ እናዕለልና ከለና፡ “ዘይትውደቢ ግዳ ስለምንታይ?” ትብለኒ። ኣነ ከኣ፡ “ብዓል ቤተይ ናብ ሜዳ ከም ዝኸደ ስለ ዝፈልጡት’ያ ኮነ ኢሉ ከተእስሩኒ ደልዮ” ኢለ ብውሽጠይ እሰንብድ። ድሕሪ ክንደይ ግን ተእምሚ’ሞ፡ ብኸመይ ከም ዝውድብ ዋላ ሓንቲ ኣፍልጦ ከም ዘይብለይ እትዕበሩ። ብድሕሪ’ዚ፡ ንዓይን ንኻልኦት ከምዚ ከማይን ናብ ገዝኣ (ፊት ኣፍ ደገ መካነ ሂወት እዩ) ወሲዱ ምስ ሓደ ዘይንፈልጦ ሰብ ተራኺብና። በዚ ከኣ ንውደብ ማለት’ዩ።

**እሞ ሓፋሽ ውድባት ኮይንክን፡ መድሃኒታትን ሞዴስን ጥራሕ ተውጽኣ ነይርክን ማለት ድዩ?**

ካልእ ተኣፋፊ ስራሕ’ውን ንሰርሕ ነይርና ኢና። መልኣከ ዝብሃል ሓኪም ኣብ ውሽጢ ቤት ማእሰርቲ ሰማባል ነይሩ (ሕጂ’ውን ኣሎ ብህይወት)። ኑቶም ተማሪኾም ኣብኡ ተሓዩሮም ዝነበሩ ተጋደልቲ ከኣ፡ ከም ዝሓመሙ ኣምሲሉ ኮነ ኢሉ ናብ ስራሕና ይልእኾም (ሪፈር ይብሎም) ነይሩ። መታን ንፉስ ክረኽቡ ኢሉ። እቶም ተጋደልቲ፡ ብሓለውቲ ወተሃደራት ተዓጂቦም እዮም ምስ ሰንሰሎቶም ናባና ዝመጽኡ ነይሮም። እቶም ኣባላት ሓፋሽ ውድባት ዝኾንና ከኣ ምስ መልኣከ ብምርድዳእ፡ ትኽ ኢልና ናብ ዶ/ር ሰመረ ፍረ ከም ዝኣትዉ ንገብር። ሽዑ ዶ/ር ሰመረ በቡሓደ ምስ መርመሮም፡ ንናትና ምኽሪ ሰሚዑ፡ ሕማም ዝብሃል ዘይብሎም ክነሶም፡ ኢክስረይ ንኽገብሩ ንጽባሒቱ ክምለሱ ወረቐት ይጽሕፈሎም። ንጽባሒቱ ተመሊሶም ናይ ረጂ መርመራ ገይሮም ወጽኢት ምስ ተዋህቡ ከኣ፡ “ዶክተር፡ ሕጂ’ውን ብውሽጡ ሕማቕ ይሰምዖ ኣሎ’ሞ ናይ ሽንቲ መርመራ ዘይትእዝዘሉ?” ኢልና፡ መርመራ ሽንቲ (ላቦራቶሪ) ንኽገብሩ ሳልሳይ መዓልቲ ከም ዝምለሱ ንገብር ነይርና። በቃ ከምዚኣ እናገበርና ሰሙን ምሉእ ናብ ስራሕና ኑመላለሶም ነይርና ማለት’ዩ። ክመላለሱ ከለው፡ ንሕና ከኣ ንሰድራቤቶም ደኺሩን መቕረቦም ስልኪ ወቒዕና ወይ ወረቐት ጽሒፍና ንሕብሮም፤ ንኣቶም’ውን ከምዛ ሓሚሞም ክሕከሙ ኢሎም ዝመጽኡ ጓኖት ተመሲሎም ናብቲ ሆስፒታል ብምእታው፡ ኣማዕድዮም ይርእዩዎም። መታን ንዓና ከየእሰሩናን ከየረሽኑናን ልዑል ጥንቃቐ ብዝመልአ ኣገባብ’ዮም ርእዮሞም ዝምለሱ ነይሮም።

ሙሉጌታ ግርማጼን ዝተባህለ ንዓይ ሓወይ፡ ኣብኡ ምስኦም ተኣሲሩ ነይሩ። ኣነ ግን ኣብ ሜዳ ዘሎ ደኣሉ ዝመስለኒ ነይሩ’ምበር፡ ተማሪኹ ናብ ሰማባል ምምጽኡስ ይፈልጥ ኣይነበርኩን - ድሓር’የ ፈሊጠ። ሓደ ካብኦቶም ግና፡ እግሩ ዝተቘርጸ ኣብ ኣስመራ ዝኾነት ዝፈልጦ ቤት ሰብ ዘይብሉ ነይሩ። ምስ መሴ ወዲ ሻለቃ ሃይለ ዝተባህለ ኣነ ብቐረባ ዝፈልጦ ካልኣዩ እዩ ዝመጽእ ነይሩ። ኣብ ርእሲኡ፡ ክዳንን ጫማን ዓሪቑ መደንገጺ ትርኢት ስለ ዝነበሮ፡ ኣነን ብዓተይን ክንሕግዞ ኢልና፡ ምስ መልኣከ እናተረዳዳእና፡ ብቐጻሊ ምስ መሴ ናብ ስራሕና ከም ዝመላለስ ንገብር ነይርና።

ምስ ብዓቲ ክመጽእ እንከሎ፡ ኣነ ኑቶም ሓለውቶም ወተሃደራት (ጦር) በብመዓርጎም እናጸዋዕኩ፡ “ሻሂ ዶ ከምጽኣልኩም?” ኢለ ይቐድሓሎም። ኣብ ርእሲኡ ከኣ፡ ዝ ናይ ረጂ ፊልም ይደልዩዎ እዮም ዝብል ዕላል ኣቐዲመ ይሰምዕ ስለ ዝነበርኩ፡ ከምኡ እናምጻእኩ፡ ኣልዕል ኣቢሉ “ሓለፍት’ኩም ዝ ኣገዶም’ዩም ዝደልዩዎ፡ ኩሉ ግዜ’ዩም ‘ከምዚ ኣለኪ ዶ?’ ኢሎም ዝሓቱ’ዩ” እናበልኩ ይህቦም። ንኣቶም ከኣ እናተሓገሱን እናኣመስገኑን እቲ ኣብ መንከቦም ዘሎ ኣስራ ኣለቓ፡ ሓምሳ ኣለቓ ገለ መለ ዝብል ናይ መዓርግ ምልክት መታን ከይረስዑዎም ከይዛሮምን ነቲ ፊልም ብዓቕሚ ምስኡ ብላዕሊ ኣልገዝዎም ይሰፍዩዎም። እዚ ኩሉ ዝገብረሉም ዘለኹ፡ መታን ኑቶም ተጋደልቲ ሻሂ ንኽቐድሓሎም ፍቓድ ክህቡኒ ኢለ’ዩ። ሽዑ ገሊኦም የፍቕዱልካ፡ ገሊኦም ከኣ፡ “እዚኣቶም እኮ ወምበዴታት እዮም፡ ሻሂ ፍጹም ኣይግባኦምን እዩ” ኢሎም ይኣብዩኻ፡ “መንግስቲ ብዓቢኡ ኩሉ’ኸሞም ኢሉ እናምጽኦም ደኣ ሻሂ እንተ ሰተዩ እንታይ ነውሪ ኣሎዎ?” እናበልኩ መለሰ ኣቐባጠረ ሕራይ ኩብሎም እፍትን ነይረ።

ሓደ ግዜ ሕጂ እቲ ኑቲ ሰንክል ሓዚዎ ዝመጸ ወተሃደር ሻሂ ምስ ቀዳሕኩሉን ናይ ረጂ ፊልም ምስ ሃብኩዎን፡ “በሊ ከምዛ ዘየብልኩሉኺ፡ ኣብቲ እንዳ ረጂ ኬድኪ ርኸብዮ” ይብለኒ። ከምታ ዝበለኒ ከኣ ነርስ ተመሲለ ናብኡ ብምኻድ ነቲ ሰንክል እረኽቦ፡ ሽዑ፡ “በል ኣነ ለምለም ግርማጼዮን እየ ዝብሃል፡ ጸባሕ ሰንበት ምሳሕ ከምጽኣልካ እየ፡ ናይ መን እዩ ኢልካ ምእንታን ከይትሰኣበደ፡ ብስም ለምለም ግርማጼዮን እንተ መጽኣካ፡ ናተይ ምዃኑ ፈሊጥካ ሰቕ ኢልካ ተቐበሎ” እብሎ። ብድሕሪኡ፡ ሰንበት ኩሉ ግዜ ምሳሕ እልእከሉ፣ ክዳውንቲ፡ ጫማን ካልእ ዘድልዮ ነገራትን እውን ዓዲገ ካብ ሰብ ለሚነ እሰደሉ ነይረ። ድሓር ግን፡ ሓላፍቲ ስርዓት ደርጊ ሓይልታት ሰውራ ወተሃደራዊ ስርሒት ፈጺመን ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ከየምልጠኦም ግዲ፡ ሰጊኦም ኮይኖም፡ ንኹሎም ምሩኻት ተጋደልቲ ካብ ሰማባል ናብ ኣለም በቃኝ ኣግዒዞሞም። ምኽንያቱ፡ ጅብሀ ኣቐዲማ ብዙዓይደቶ ስርሒት፡ ካብ ሰማባል ኣሽሓት እሱራት ኣፍቲሓ ስለ ዝነበረት።

**ዚ ሓድሽ ስራሕ ክትሰርሒ ከለኺ፡ ጸላኢ ጠርጢሩኪ ይፈልጥ ዶ?**

ኣነ’ኳ ፈጺመ ተጠርጢረ ኣይፈልጥን እየ። እኳ ደኣ ብኣንጻሩ፡ እምነት እየ ኣለኒ። ካብ ስራሕና ምስ ራብዓይ ርእሰይ ማለት፡ ኣኑ ሰስተር ኣኽበረት ፍረ (ሓብቱ ን ዶ/ር ክብረኣብ ፍረ)፡ ሰስተር ግደይ ገ/የውሃንስ (ብዓልቲ ቤቱ ን ዶ/ር ፍቓዱ ተኸስተ) ኣብ 1980 ናብ ኣዲስ ኣበባ ተላኢኽ ካድር ንኽንመሃር ጠቐምቲ ነይርና። ሰለስቴና ከኣ ናብ ቤት ጽሕፈት ሓላፊ ኣሰፓ ኣብ ኤርትራ - ሻለቃ ዳዊት ወልደጊዮርጊስ ተጸዊዕና ኬድና። ኣነ ሽዑ ሓደጋ መኪና ኣጋጢሙኒ እግረይ ተሃሪመ ስለ ዝነበርኩ፡ “ክበር ሻለቃ፡ ካድር ተማሂረ ንሃገረይ ኣትየጽያ ብዝወፈይነት ከገልግል ትምኒተይ እዩ ነይሩ። የግዳስ ከምዚ ትርእዮ ዘለኻ ከቢድ ማህረምቲ እግሪ ኣጋጢሙኒ ስለ ዘሎ፡ ቦርድ ተባሂለ ንዙሓሽ ሕክምና ንወጻኢ ሃገር ክኸይድ እየ ዝዳሎ ዘለኹ” ኢለ ተረፈ። ሰስተር ኣኽበረት’ውን ናታ ምኽንያት ኣቕሪባ ተረፈት። ሰስተር ግደይ ከኣ ሕራይ ኢላ ክትመሃር ናብ ኣዲስ ኣበባ ከይዳ። ተማሂራ ምስ ተመልሰት ግን ሃዊሕ ከይጸንሐት ናብ ሜዳ ብምስላፍ ንብዓል ቤታ ሰዒባቶ። ኣነ’ውን ብድሕሪኡ ሃዊሕ ከይጸናሕኩ ናብ ሰድተይ ኣምሪሐ ማለት’ዩ።

**እዚ ዝበልክዮ ናይ መኪና ሓደጋ ብኸመይ እዩ ኣጋጢሙኺ?**

መርዓ ናይ ሓሙተይ (ሓው ነቲ ቀዳማይ ብዓል ቤተይ) ኣብ ዝነበረሉ እዋን’ዩ ኣጋጢሙኒ። እታ መኪና፡ ብዓል ቤተይ ናብ ገድሊ ክኸይድ እንከሎ ዝገደፈለይ እያ ነይራ። መርዓውቲ ከሰሩ ኢልና፡ ቤተሰብ ብዓል ቤተይ ዝኾኑ ሓሙሽተ ኣጋይሽ ሒዘ ናብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ እናኸድኩ ከለኹ ከኣ ተገምጢለ። ኑቶም መርዓውቲ ከሕልፉ ክበሉ ኣባይ ከጽሑ ሃንደበት ነቲ ጽርግያ ይዓጽውዎ እሞ፡ ምስቲ ዝነበረኒ ናህሪ ሰንበደ ነቲ ሰቴርሶ ብሓይሊ ምስ ጠወኹዎ ኣብኣ ከለኹ እግምጠል ማለት’ዩ። ሽዑ ኣነ እግረይ ተሃሪመ፡ ድሓር ናብ ሰውድያ ምስ ከድኩ መጥባሕቲ ገይረያ። ግና፡ ክሳብ ሕጂ ትሕዝኒ ኣላ። ደኳን ንገሰ ዝተባህለት ንልተይ ከኣ ኢዳ ተሰይራ። ካልኦት ግን ዋላ ሓንቲ ከይተኣ ወጺኦም። እዚ ሓደጋ’ዚ ኣብ 1978 ኮይኑ፡ ደቀይን ብዓል ቤተይን ምዝላቕ ኩይኑ ካብ ከረን ናብ ሳሕል ድሕሪ ምኻዶም ድሕሪ ሓደት ሰሙናት እዩ ዝኾነ ዘሎ።

**ብዓል ቤትክን ደቅኽን ናብ ሜዳ ምስ ከዱ ደኣ እንታይ ክትገብሪ ብድሕሪኦም ተሪፍኪ?**



ብዓል ቤተይ - የሴፍ ባህታ፡ ኣብ መጋቢት 1975 እዩ ተሰሊፉ። ከረን ኣብ ክፍላ 1977 ሓራ ምስ ወጸት ከኣ፡ ብስራሕ ናብታ ከተማ ይመላለስ ስለ ዝነበረ፡ መጺኣ ኣለኹ ኢሉ መልእኽቲ ክልእከለይ እንከሎ፡ ሰላሕ ኢለ ናብ ከረን እናኸደኩ እርእዮ፣ ምስኡ ሳልስቲ ቀንዲ ድማ ይምለስ ነይሩ። ድሓር ግን “ካብ በይነይ ጥራሕ እናኸድኩ ዝርእዮ፡ ደቀይሲ ክርእዩዎ ምኣይ ዘይማልኣም” ኢሉ ንኣርባዕተኦም ደቀይ (ጽገሬዳ፡ ኣማኑኤል፡ ፊልሞን፡ ፊልጦን) ሒዘዮም ናብ ከረን ከይደ። እቲ ዓዲ ስለ ዝፈተወዎ፡ “ኣብዚ ምስ ጥበ ምቕማጥ ይሕሸና” ኢሎምኒ - ጉዳፊያም ተመሊሰ። ኣብ ሕዳር 1978 ድማ ከም ኣመለይ ክርእየም ኢለ ናብ ከረን እኸይድ። ሽዑ ኣነ’ውን ብድሕሪ ብዓል ቤተይን ደቀይን ኣብ ኣስመራ ንበይነይ ምንባር ስለ ዘይተራእየኒ፡ መኪናይን ኩሉ ናይ ገዛ ኣቕሓተይን ሽየጠ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ጠቕሊለ ክምለሶምን ብእኡ ኣቢለ ክጋደልን ወሲነ። በዚ ምስ የሴፍ ተረዳዲእና፡ ንዕኡን ደቀይን ተፋንየ ብሊዩቲ ናብ ኣስመራ ምስ ተበገስኩ ግና ዘይተሓሰበ ኩነታት ኣጋጢሙ።

ይቕጽል . . .

ከድጃ ኢብራሂም

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:35 | ሃሎ ቈልዑ |
| 10:10 | ዶክመንት |
| 10:35 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መደብ ኣከባቢ |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ኢድኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ከረን - ኣልሳሕልን ዓንሰባን ናብ ፍጻመ ሓሊፈን



ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ዓንሰባ ንዝኽሪ ኣብ 70ታት ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ዝነበረ ፍናዉር እስማዒል ማሕሙድ ዘካየዶ ውድድራት፡ 11 ሕዳር'ውን ቀጺሉ ወዒሉ።

ፈለማ ግጥሚትን ዘቶዳ ጋንታ ሳሳ ምስ ኣልሳሕል እያ። ሓያል ምትህልላኽ ዝተራእዮ ጸወታ እኳ እንተኣካየዱ ሳሳ ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ሰዓት ቅልጡፋት ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ መራሕነት ተረኺቡ። ድሕሪ ዝተበራበረት ኣልሳሕል ጸወታ ናብ ዕረፍቲ ከምርሕ ዓሰርተ ደቓይቕ ምስ ተረፈ ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ተመዓራርየን።

ድሕሪ ዕረፍቲ ክልቲአን መጋጥምቲ ቅልጡፍ መጥቃዕቲ ኣብ ዘቶዳሉ ቀዳማ ሸቶ ዘርከበት ሳሳ'ያ ነይራ፡ ኣልሳሕል እውን ሓሙሽተ ደቒቕ ኣብ ዘይመልእ ሸቶ ብምርካብ 3ብ3 ተመዓራረያ። ድሕሪዚ ዝተረኽበ ሸቶ ብዘይምንባሩ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣብ ዝምረሓሉ፡ ጸወታ 5ብ4 ብዓወት ኣልሳሕል ብምዝዛሙ፡ ናብ ፍጻመ ሓሊፋ።

ቀጺለንውን ንሓደሽ ዓመት-ጸወታ ሙተሓላለኽቲ ክኾና ተጸሚተን ዝርከባ ጋንታታት ኣልሂላልን ዓንሰባን ተራኺበን። ብምቅብባልን መጥቃዕትን ዝፈለመ ጸወታ፡ ናህሩ ብምዝያድ ኣብ ቀዳሞት ዕስራ ደቓይቕ ዓንሰባ ልዕሊ ኣልሂላል ብምድፋር መራሕነት ተረኺባ ናብ ዕረፍቲ ወጺ። ኣብ ምልሶት፡ ኣልሂላል መሳርዓ ኣደልዲላ ኣተወት። ብመኣዝን ንዝረኸበታ ቅላዕ ናብ ሸቶ ብምልዋጥ ተመዓራረየት። ብድሕሪዚ ውዳዕ ዝሐደሉት ዓንሰባ ደጋጊማ ልዑት መጋጥምታ ብምሽሕኻሕ ሓያለ ፈተነታት ኣካየደት፡ ጸወታ ክዛዘም ዓሰርተ ደቓይቕ ምስ ተረፈ ሸቶ ስለ ዘመዝገበት ከኣ ብዓወት ናብ ፍጻመ ኣማዕድያ።

ዝመጽእ ሰንበት ኣብ መንጎ ጋንታታት ኣልሳሕልን ዓንሰባን ናይ ፍጻመ ጸወታ ክካየድ ምዃኑ ካብቲ ፈደረሽን ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።

## ዞባ ማእከል - መደብ ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ተሰሪዑ

ንዘይተወሰነ ግዜ ተሰጊሩ ዝጸንሐ ሓደሽ ዓመት ውድድር ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 14 ታሕሳስ ብጸወታ ሱፐር ካፕ፡ ደንደን ምስ ኢንሹራንስ ብናይ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ደንደን ምስ ቀይሕ ባሕሪ ድማ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ብዝካየድዎ ግጥም ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክፍለም'ዩ።

በዚ ከኣ፡ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ሰዓት 1:30 ድ.ቀ. ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ 3:30 ድ.ቀ. ክካየድ ምዃኑ፡ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

## "ምስ ማን.ዩናይትድ ኣብ ዝፈረምኩሉ ናይ ሞት ምፍርራሕ መጺኡኒ ነይሩ" ሩኒ




ኣጥቃዓይ እንግሊዝ ዝነበረ ዋይን ሩኒ ካብ ናይ ቁልዕነቱ ክለብ ኤቨርተን ናብ ማን.ዩናይትድ ድሕሪ ምስግጋሩ ናይ ሞት ምፍርራሕ ከምዝበጽሖ ተዛሪቡ።

ሩኒ ወዲ 18 ዓመት እንከሎ፡ ካብ ኤቨርተን ንዝቐረበሉ ክብረወሰን ዝሓዘ ውዕል ድሕሪ ምንጻጉ፡ ኣብ 2004 ብ27 ሚልዮን ፓውንድ ምስ ማን.ዩናይትድ ፈሪሙ።

በዚ ድማ፡ ንገለ ደገፍቲ ኤቨርተን ቍጠዐ ፈጢሩ።

ሩኒ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ኣብታ ግላዊት 'ዘ ዋይን ሩኒ ሾው' እትብል ሚድያኡ ኣብ ዝሃበሮ፡ "ናይ ሞት ምፍርራሕ ኂዱት። ገዛ ወለደይ ብቀለም ተጸያይቑን ተሰቢሩን። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣፍቃሪተይ ዝነበረት ናይ ሕጂ ብዓልተ ቤተይ'ውን መንበሪኣ ዕሉታዊ ብቀለም ተጸያይቑ ይጸንሓ ነይሩ። ናብ ማን.ዩናይትድ ስለ ዝኸድኩ'ዩ እቲ ኩሉ ነገራት ስዒቡ። ናብ ዩናይትድ ምግዓዘ ኣጸጋሚ'ዩ ነይሩ። ሊቨርፑልን ማንቸስተርን ኣብቲ ግዜ'ቲ ዓበይቲ መቐናቕንቲ ብምንባረን ኣዝዩ ፈታኒ እዋን'ዩ ነይሩ። እንታይ ከም ዝደሊ እፈልጥ ብምንባረይ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ውሳነይ ተረር መርገጺ እዩ ነይሩኒ። እቲ ነውጺ ከኣ፡ ኣብ ከቢበዩይ ብምንባሩ ኣሰካፊ'ዩ ነይሩ።" ክብል ኣዘንትዩ።

## ኣርቴታ፡ ጋንታኡ 'በዓል ልደት ኣብ ልምምድ ከተሕልፎ' ወሲኑ

ዓሰሚ ናይታ ኣብ ሰሌዳ ፕሪመር ሊግን ቻምፕዮንስ ሊግን ትመርሕ ዘላ ኣርሰናል ዝኾነ ሚካኤል ኣርቴታ፡ ለሚ ዓመት ኣብ መዓልቲ ቦክሲንግ ደይ ክጻወቱ መደብ እኳ እንተዘይተዘበረ፡ ክለቡ ኣብ መዓልቲ ልደት (25 ታሕሳስ) ኣብ ልምምድ ከምተሕልፎ ገሊጹ።

ኣርሰናል 27 ታሕሳስ ናብ ግጥሚት ፕሪመር ሊግ ክትምለስ ከሎ ንብራይተን ኣብ ስታድዩም ኤሚሬትስ ክትዕድማ'ያ። ኣርቴታ ግን ልምምዳቶም ብዘይምቁራጽ ክቕጽል ምዃኑ ኣስሚሩሉ ኣሎ።

ጸብጸብት ከም ዝሓበርዎ፡ ተጻወትቲ ኣርሰናል፡ ወጋሕታ ኣብ በዓል ልደት ኣብ ለንደን ዝርከብ ናይ ልምምድ ቦታ ክርከቡ'የም። ተጻወትቲ ድሕሪ ልምምድ ናብ ዓዶም ክምለሱ ክፍቀደሎም'ዩ። ኣርቴታ ኣብ ወሳኒ መድረኽ ናይዚ ዓመት-ጸወታ ልዑል ደረጃ ንምሓዝ ጸቒጡ ይሰርሓሉ ኣሎ።



ኣርሰናል ኣቐዲማ ዘካየደቶ ጸወታ ክልተ መዓልታት ጥራይ'ዩ ኣቐጺሩ ዘሎ፡ ርብዒ-ፍጻመ ካራባኦ ካፕ ኣንጻር ክሪስታል ፓላስ 23 ታሕሳስ ከተካይድ'ያ። እዚ ማለት እታ ክለብ ድሮ ልደት ዕረፍቲ ክህልዋ'ዩ። ንብዙሓት ኤውሮጳውያን ክለባት፡ ልደት ብብዙሒ ትርጉም ዘለዎ ዕለት'ያ። ዋላ ከምኡ ይኹን፡ ብሰንኪ እዚ ናይ ልምምድ መደብ ሓያሎ ኣባላት ናይታ ክለብ ከም ቤን ዋይት፡ በተዎ ሳካ፡ ኖኒ ማዱኤከን ኢበረቺ ኤዘ ምስ ስድራቤቶም ክጸንሕሉ ዝግባእ መደብቶም ክዘናበል'ዩ።

ኣርቴታ ኣብ መዓልቲ ልደት ልምምድ ክካየዱ ዝመደበሉ ምኽንያት፡ ብዙሒ ማሰበርቲ ተጻወትቲ ኣብታ ክለብ ቅርፈታታት የስዕብ ብምህላው፡ ንኩነታት ክለቡ ንምትዕርራይ ዘወጠኖ ከይተኻ ኣይተርፍን'ዩ። ዋላ እኳ 'ኣርቴታ ዝኽተሎም ኣገባብ ልምምዳት ንተጻወትቲ ብዙሕ ዋጋ የኽፍሎም'ዩ' ንዝብል ቀረታታት እንተዘጽኑ ቁጽርም እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ተጻዋዕቲ ግን ድኽመት ዋጋኡ ክርአዮ ጀሚሩ ከምዝሎ ይወቐሱ።

ለሚ ንምልሕሰ ትገጥማ ኣርሰናል፡ ንወሰንቲ ተኸላኸልቲ ዊልያም ሳሊባን ጋብርኤል ማጋልሃስን ከሰራ ምህላዋ ይፍለጥ።

## ሪቻርድ ካራፓዝ ናይ ክብሪ ዶክተሬት ተዓዲሉ

ዘርእማርያም ከሰተ

ኣብ ዙር ፈረንሳ 2024 ዘደንቕ ብቕዓት ብምርኣይ 'ንጉስ ዓቐብት' ተባሂሉ ማልያ ፖልካ ዶት(ነጠብጣብ ማልያ) ዝለበሰ ኤኳዶራዊ ሪቻርድ ካራፓዝ፡ 'ናይ ፈለማ ኤኳዶራዊ ዕወት ኣንበሳ ዓቐብ ዙር ፈረንሳ' ብምዃኑ ኑቲ ዘይክኣል ዝመስል ዝነበረ ከም ዝከኣል ዓቢ ኣብነት ኮይኑ እዩ።

እዚ ንጉስ ዓቐብ በቲ ንሃገሩ ዘምጽኦ ዝናን ኣብ መንእሰያት ዘሕደሮ ጽልዋን ኣብ'ዚ ሰሙን እዚ ካብ ላዕለዋይ ትካል ትምህርቲ ሃገሩ 'ናይ ክብሪ ዶክትሬት' (Honorary Doctorate) ተሸሊሙ። ካራፓዝ በቲ ኣብ ቅድድም ብሽክሊታ ዘርኣዮ ጻዕርን ዓወትን ናይ ክብሪ ዶክተሬት ምጉንጻፉ ንኹሉ ስፖርተኛ ዓቢ መልእኽቲ ዘሕልፍ እዩ።



ካራፓዝ ኣብ 'ዙር ፈረንሳ' ዘምጽኦ ዓወት፡ ኣብ መንእሰያት ኤኳዶር ምንቅቓሕ ፈጢሩ፥ እንተጸዓርካ ዘይብጻሕ ሃገር ከምዘየለ ህያው ኣብነት ምዃኑ'ዩ ክኢላታት'ታ ሃገር ዝገልጹ።

ብኻልእ ወገኑ፡ ኣብ 2024 ወናኒ ቀጠልያ ማልያ ዙር ፈረንሳ ዝኾነ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ቢንያም ግርማይ፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ ዝተገብረ ሓበሬታ፡ ኑቲ ኣብ ስፖርት ዘምጽኦ ዓወት ኣብ ትምህርቲ'ውን ክደግሞ ተበጊሱ ከምዘሎ ዘጽር እዩ። ቢንያም፡ ዋላ እኳ ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ዓወት ይሃሉ፡ ኣገዳስነት ትምህርቲ ብምርዳእን ካብ ኮረሻ ብሽክሊታ ድሕሪ ምውራድ ንዘሎ ህይወት ብምምዕዳው ዝለዓለ ትምህርቲ ይቖጽል ምህላዉ ገሊጹ።

ቢንያም ኣብ ዝሃቦ ሓሳብ፡ "ዕድመ ስፖርተዊ ሓጺር እዩ። ኣኢጋር ፔዳል ምርጋጽ ደው ምስ ኣበለ፡ ህይወት ግን ትቕጽል እያ። ስለ'ዚ፡ ሓደ ስፖርተኛ ኂ ኂ እቲ ዘካይዶ ውድድር፡ ኣእምሮኡ ብፍልጠትን ትምህርትን ክሃንጽ ኣለዎ። ብሽክሊታ መሳርሒት እያ፡ ትምህርቲ ግን ንህይወት ዝመርሕ እዩ" ብምባል እዩ ኣገዳስነት ትምህርቲ ገሊጹ። እዚ ናይ ቢንያም ቃሉ ውሳኔ መንእሰያት፡ ስፖርት እናሰርሑ'ውን ትምህርቶም ክቕጽሉ ከምዝኽእሉ ዘረጋግጽ ግብራዊ ኣብነት እዩ። ንቢንያም፡ ኣብ ኩሉ ጉዕዞ ህይወቱ ዓወት ንምነየሉ!

## ደገፍቲ፡ ዋጋ ትኬት ዋንጫ ዓለም ክንኪ ጸዊዖም

ደገፍቲ ኩዕሶ እግሪ፡ ፊፋ ዋጋ ትኬት ዋንጫ ዓለም ከጉድሎ ጸዊዖም። እቶም ብኽቡሪ ዋጋታት ትኬት ዝማረሩ ደገፍቲ፡ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኣብ ልዕሊ ፊፋ ጸቕጢ ክገብር እዮም ዝሓቱ ዘለዉ። ንሳቶም፡ ማሕበራት ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ እውን ጽልዋታተን ኣብ ልዕሊ ፊፋ ክጥቀማ እዮም ዝጽውዑ ዘለዉ።

ማሕበር ደገፍቲ ኩዕሶ እግሪ ከምዝሓበርዎ፡ መጠን ዋጋ ትኬት ናይ'ቲ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ኣብ ኣመሪካ፡ ካናዳን ሜክሲኮን ዝካየድ ግጥም ኩዕሶ እግሪ ኣዝዩ ተጋኒኑ ምህላዉ ገሊጾም።

እቶም ደገፍቲ፡ ፍታሕ ክሳብ ዝርከብ መስርሕ መሸጣ ትኬት ደው ክብል እዮም ዝጠልቡ ዘለዉ።

እቲ ልዑል ወሰኽ ዋጋ ትኬት፡ ፊፋ፡ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ንጉጅለታት ደገፍቲ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ዝርዝር ምምቕራሕ ኣብ ዘውጽኡሉ እዋን'ዩ ብወግዒ ተነጺሩ።

ኣብ መዛዘሚ ግጥም እቲ ዝሓሰረ ዋጋ ትኬት 3119 ፓውንድ ኮይኑ፡ እዚ ድማ ካብቲ ኣብ ቀጠር ዝነበረ ዋጋ ትኬት ብሸውዓተ ዕጽፊ ዝዓበየ'ዩ።

ዋላ ንህጻናት'ውን ኣብ ክፍሊት ዝኸውን ምጉዳል ወይ ሕድገታት ከም ዘየለ እዩ ፊፋ ዝሕብር።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመርሊግ**

ቸልሲ - ኤቨርተን 6:00 ድ.ቀ.
ሊቨርፑል - ብራይተን 6:00 ድ.ቀ.
በርንለይ - ፉልሃም 8:30 ድ.ቀ.
ኣርሰናል - ዎልቭስ 11:00 ድ.ቀ.

**ላሊጋ**

ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ቫለንሲያ 4:00 ድ.ቀ.
ማሎርካ - ኤልቸ 6:15 ድ.ቀ.
ባርሴሎና - ኦሳሱና 8:30 ድ.ቀ.
ገታፈ - ኤስፓንዮል 11:00 ድ.ቀ.

**ሰንበት**

ክሪስታል ፓላስ - ማንሲቲ 5:00 ድ.ቀ.
ሳንደርላንድ - ኒውካስል 5:00 ድ.ቀ.
ኖቲንግሃም - ቶተንሃም 5:00 ድ.ቀ.
ዌስትሃም - ኣስቶን ቪላ 5:00 ድ.ቀ.
ብረንትፎርድ - ሊድስ ዩናይትድ 7:30 ድ.ቀ.

**ላሊጋ**

ሰቪላ - ኦቪዶ 4:00 ድ.ቀ.
ሰልታ ቪጎ - ኣትሌቲክ በልባኦ 6:15 ድ.ቀ.
ቪላርያል - ሌቫንተ 8:30 ድ.ቀ.
ኣልቨስ - ርያል ማድሪድ 11:00 ድ.ቀ.

**ሰኑይ**

**ፕሪመር ሊግ**

ማን.ዩናይትድ - ቦርንማውዝ 11:00 ድ.ቀ.

**ላሊጋ**

ርያል ቤቲስ - ራዮ ቫልካኖ 11:00 ድ.ቀ.

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ዘለንስኪ፡ መጻኢ ዕድል ዞባ ዶንባስ ብረፈረንደም ክውሰን ጸዊዑ

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ ሃገሩ ቅድሚ ምስ ሞስኮ ኣብ ስምምዕ ሰላም ምብጻሓ፡ መጻኢ ዕድል እቲ ምስኣ ዘሰሓሕብ ዘሎ ዞባ ዶንባስ ንምውሳን ረፈረንደም ክተኻየድ ኣድላዩ ምዃኑ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ኣብ ዝርርብ ሰላም ከም ዕንቅፋት ኮይኑ ዘሎ ግዝኣታዊ ክርክር ዞባ ዶንባስ፡ ብድምጺ ህዝቢ ክውሰን ዝሓሸ ምዃኑ ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ ሞስኮ፡ ንዞባ ዶንባስ ምሉእ ብምሉእ ናይ ምቁጽጻር ድሌታ ከም ዘይቅበሎ ብምጥቃስ፡ እቲ ውሳነ ቡቲ ህዝቢ ዩክሬን ዝካየድ ምርጫ ይኹን ረፈረንደም ዝጸሎ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

እቲ መግለጺ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ንፕረዚደንት ዘለንስኪ ምርጫ ክካየድ ጸቒጢ ኣብ ዝነብረሉ ዘሎ እዋን እዩ ዝወሃብ ዘሎ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ ኑቲ ብፕረዚደንት ትራምፕ ዝቐረበ ምሕጽንታ'ኳ እንተ ዘይነጸጎ፡ እቲ ምርጫ፡ ሃገራት ምዕራብ ንኪየቕ ጸኑዕ ጸጥታዊ ውሕስነት ምስ ዝህባ ጥራይ ክካየድ ምዃኑ ግን ኣፍሊጡ ኣሎ።

ሞስኮ፡ ሓደ ካብቲ ምስ ኪየቕ ኣብ ስምምዕ ሰላም ንኽትበጽሕ ከም ቅድመ ኩነት ኣቐሚጥቶ ዘላ ነጥቢ፡ ዩክሬን ካብ ዞባ ዶንባስ ምሉእ ብምሉእ ክተንሳሕብ ዝጠልብ ምዃኑ እዩም ምንጭታት ዝሕብሩ።



## መራሕቲ ኣመሪካን ህንድን ተዘራሪቦም

ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲ፡ ኣብ ንግዲ፡ ምክልኻልን ጸዓትን ኣተኩሩ ምስ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ብቴለፎን ዝርርብ ከም ዘካየደ ሓቢሩ።

እቲ ናይ ቴለፎን ዝርርብ፡ ክልተኣን ሃገራት ኣብ ንግዳዊ ስምምዕ ንምብጻሕ ኣብ ተኸታታሊ ምምይያጥ ተጸሚደን ኣብ ዘለዋሉ እዋን እዩ ተኻይዱ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ሞዲ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ኤክስ' ኣብ ዘርግሖ ሓበሬታ፡ ክልተኦም መራሕቲ



ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናታቶም ንዝርአ ዘሎ ምዕባለታት ዳግም ከም ዝገምገምዎ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ምዕባለታት እውን ከም ዝተዘራረቡ ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ ሃገሩን ኣመሪካን ንኣህጉራዊ ሰላም፡ ምርግጋእን ብልጽግናን ሓቢረን ክሰርሓ ከም እተረዳድኣ ሓቢሩ።

ክልተኦም መራሕቲ ሃገራት፡ ኣብ ንግዲ፡ ቴክኖሎጂ፡ ጸዓት፡ ምክልኻልን ጸጥታን ዘለዎም ምትሕብባር ንምስፋሕ'ውን ከም ዝዘተዩ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

## እስራኤል፡ ኣብ ሊባኖስ መጥቃዕቲ ኣካዪዳ

ሰራዊት እስራኤል፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ መጥቃዕቲ ከም ዘካየደ ሓቢሩ።

እቲ ሰራዊት ኣብ ሓበሬታኡ፡ እቲ መጥቃዕቲ ዘካየደሉ ቦታታት፡ ወተሃደራዊ መሰልጠኒ ማእከላት ሕዝቦላህ ምዃኑ ገሊጹ።

እስራኤል፡ እቲ ዒላማ ዝገበረቶ ቦታታት፡ ሕዝቦላህ ኣብ ልዕሊኣን ዜጋታታን መጥቃዕቲ ንምክያድ ዝጥቀመሉ ትሕተ ቅርጽታት ምዃኑ ኣዘኻኺሩ።

እቲ መጥቃዕቲ ህዝቢ ብጻዕቂ ኣብ ዝነብረሉ ከባታትን ጎላጉልን ዝተፈጸመ ምዃኑ ዝሓበሩ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር፡ እስራኤል ቅድሚ ሕጂ'ውን ኣብቲ ከባቢ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ኣካይዳ ምንባራ ኣመልኪቶም።



እስራኤል፡ ኑቲ ቅድሚ ዓመት ምስ ሊባኖስ ዝበጽሓቶ ስምምዕ ሰላም ብምጥሓሳ ከም ዘይተሓንሰት'ኳ እንተ ገለጸት፡ እቲ መጥቃዕትታት ክካየድ ኣድላዪ ምንባሩ ግን ጠቒሳ ኣላ።

ሕቡራት ሃገራት፡ እስራኤል ኑቲ ኣብ መወዳእታ 2024 ምስ ሊባኖስ ዝበጽሓቶ ስምምዕ ሰላም ብምጥሓሳ፡ ብተደጋጋሚ እተካይዶ ዘላ መጥቃዕትታት ብትሪ ኮኒንዎ ኣሎ።

ምስቲ ዛዕባ ቀርበት ዘለዎም ወገናት፡ እቲ እስራኤል ኣብ ሊባኖስ እተካይዶ ዘላ መጥቃዕትታት፡ ሕዝቦላህ ዕጥቁ ከውርድ ጸቒጢ ንምፍጣር ዝዓለመ ምዃኑ እዮም ዝገልጹ።

ሕዝቦላህ ግን፡ እስራኤል ካብቲ ተቖጻጺራቶ እትርከብ ክፋል ሊባኖስ ከይወጸትን መጥቃዕትታት ከየቋረጸትን፡ ዕጥቁ ከም ዘየውርድ እዩ ብተደጋጋሚ ዝሕብር ዘሎ።

## "ብዘይካ ዘለንስኪ፡ ህዝቢ ዩክሬን ንመደበይ ተቐቢልዎ እዩ" ትራምፕ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ እቲ ንኩናት ዩክሬን - ሩሲያ ደው ንምባል ዘቕረቦ እማመ ሰላም፡ ብዘይካ ብፕረዚደንት ዩክሬን ቭላድሚር ዘለንስኪ፡ ብህዝቢ ዩክሬን ተቐባልነት ከም ዝረኸበ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ መንጎ ዩክሬንን ፌደረሽን ሩሲያን ሰላም ንምስፋን ዘቕረቦ እማመ፡ ህይወት ኣሽሓት ሰባት ከድሕን ዝኽእል ምንባሩ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እንተኾነ ፕረዚደንት ዘለንስኪ ከም ዘይተቐበሎ ኣረዲኡ።

እቲ ዝሓለፈ ወርሒ ብፕረዚደንት ትራምፕ ዝቐረበ እማመ ሰላም፡ ዩክሬን ካብቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ዝርከብ ክፋል ዞባ ዶንባስ ክትወጽእ ዝጠልብ ምንባሩ እዩ ምስቲ ዛዕባ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ዝሕብሩ።

ዩክሬን ግን፡ እቲ ዝቐረበላ ናይ ምንስሓብ ጠለብ፡ ህዝቢ ዩክሬን ብዝካየድ ምርጫ ኮነ ረፈረንደም ክውሰን ምዃኑ ኣፍሊጣ ኣላ።

ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ህንዲ ዑደት ኣብ ዘካየደሉ እዋን፡ ዩክሬን ካብቲ ተቖጻጺራቶ ዘላ ቦታታት ምስ ዘይተንሳሕብ፡ ሩሲያ ኑቲ ዞባ ብሓይሊ ሓራ ከም እተውጽኦ ምሕባሩ ዝዝከር እዩ።



## ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ቬንዙዌላ ሓድሽ እገዳ ኣጽዲቓ

ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ሽዱሽተ ኩባንያታት መራኽብን ሽዱሽተ ናይ ጽዕነት መራኽብን ቬንዙዌላ እገዳ ከም ዘጽደቐት ተሓቢሩ።

እቲ ሓድሽ እገዳ፡ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ቬንዙዌላ ኒኮላስ ማዱሮ ጸቒጢ ንምፍጣር ዝካየድ ዘሎ ወተሃደራዊ ስርሒት ምዃኑ እዮም ምንጭታት ዝገልጹ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ፕረዚደንት ማዱሮ፡ ኣሲጋገርቲ ዕጸ ፋርስ ናብ ሃገሩ ሓሸሽ ንኸስሉኹ ይሕግዞም ከም ዘሎ ይኸስስ እኳ እንተ ሃለወ፡ ፕረዚደንት ማዱሮ ግን፡ እቲ ዝቐርበሉ ዘሎ ክሲ ካብ ስልጣን ንምእላዩ ዝተማህዘ ካብ ሓቂ



ዝረሓቐ ጠቕነ ምዃኑ እዩ ዝምጉት።

ክፍሊ ግምጃ ኣመሪካ፡ እተን እገዳ ተኣቢሩለን ዘለዋ ኩባንያታትን መራኽብን፡ ኣብ ጽላት ኑዳዲ ቬንዙዌላ ዝተጸመዱ ምዃነን ኣዚዚሩ ኣሎ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ልዕሊ ሰለስተ ቀረባ ኣዝማድ ፕረዚደንት ማዱሮ እውን እገዳ ከም ዘጽደቐ፡ እቲ ክፍሊ ወሲኹ ሓቢሩ ኣሎ።

ኣመሪካ፡ ካብ ዝሓለፈ መስከረም ጀሚራ፡ ኣብ ልዕሊ ምስ ምስግጋር ዕጸ ፋርስ ምትሕሓዝ ከም ዘለወን ዝገለጸተን 20 መራኽብ መጥቃዕቲ ከም ዘካየደት፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ቬንዙዌላ፡ ካብ ኣመሪካ ክመጽእ ንዝኽእል ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ንምክልኻል፡ ሓያሎ ወተሃደራዊ ልምምዳት ተካይድ ምህላዋ እዮም ምስቲ ዛዕባ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ዝገልጹ።

ዝሓለፈ ሓሙስ፡ ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ምስ ፕረዚደንት ማዱሮ ብቴሌፎን ኣብ ዝገበሮ ዝርርብ፡ ቬንዙዌላ ንሃገራዊ ረብሓታታን ልኡላውነታን ካብ ናይ ወጻኢ ጸቕጢ ንምክልኻል ንእትወስዶ ዘላ ውሳኔታት ደገፉ ከም ዝገለጸ ይሕበር።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ናጽነት | 13/12/25 | ጎደና176-3ቁ.8 : ከባቢ ሚ/ሪ ትምህርቲ | 122035 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565